# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 27 ዓመት ቁ. 246 | 14 ሰነ ሓሙስ 2018 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ትንበያ ዋንጫ ዓለም
ብ AI?

ገጽ 4
ኮቢያ ዓሳ (ብሕቱው ዓሳ)

ገጽ 5
ቃል ሃገራዊ ማሕበር
ወለንታውያን
ለገስቲ ደም ኤርትራ
(ሃማወለደኤ)

ገጽ 7
መመረቕታ ቤት ትምህርቲ
ሰነ-ኪነት . . .

ገጽ 9
ዋንጫ ዓለም 2018

# ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኣብ ምክልኻል ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዓውደ-ዘተ ወዲቡ

ሰ/ ሳሙኤል ዮውሃንስ

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኣፍልጦ መሳርሕቱ ኣብ ነብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ብምብራኽ፡ ንምክልኻሎም ወሀድ ጻዕሪ ንምኪያድ ዝዓለመ ዓውደዘተ፡ ብ12ን 13ን ሰነ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ኣካዪዱ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ግዜያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ዶክተር ዓንደብርሃን ተስፋጼን ነብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት - ማለት ጸቕጢ ደምን ወቕዒ ልብን፡ መንሽሮ፡ ኣዝማን ሽኮርያን፡ ጥዕናዊ ስግኣት ዓለምና ካብ ዝኾኑ ነዊሕ ከምዝቆጻጸሩ ጠቒሱ፡ እቲ ተበግሶ - ንምክልኻሎምን ሳዕቤናቶም ንምንካይን እትሰርሕ ሃገራዊት ኮሚቴ ንምቛም ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ጠንቅታት፡ ምልክታት፡ ሳዕቤናትን ባህርያትን ናይዞም ሕማማት ዘብርህ መግለጺታት ብክኢላታት ቀሪቡ።

እቶም ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ዝጦፉ ክኢላታት ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ እዞም ሕማማት እዚኣቶም፡ ዕለታዊ ብእንዘውትሮም ንጥፈታት፡ ኣመጋግባን ወልፍታትን ዝጅምሩን ብዘክምታ ዝምዕበሉን ምዃኖም ብምሕባር፡ ምትካኽ ሽጋራ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ዘይተመጣጠነን ውሕስነቱ ዘይተረጋገጸን መግቢ፡ ከምኡ'ውን እኹል ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር ካብቶም ግዱናት ጠንቅታት ምዃኖም ኣብሪሆም።

ብተወሳኺ፡ ብቐጻሊ ሕክምናዊ መርመራ ኩነታት ጥዕናኻ ምፍላጥ፡ ቅኑዕ ኣወሳስዳ መድሃኒት ምኽታል፡ ምትካኽ ሽጋራ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ዝኽልክል ፖሊሲ ተግባራውነቱ ምርግጋጽ፡ ኣብ ጠንቅታትን ሳዕቤናትን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ጉስጓሳት ምሕያል፡ ኣብ ቦታ ስራሕ እኹል ናይ ድሕነት ረቛሒታት ምምላእ፡ ነዞም ሕማማት ዚጋድዱ ብስነ-ፍልጠት ዘይድገፉ ኣገባባት ፍወሳ ምውጋድ፡ ካብቶም ኣተኩሮ ዝድልዮም ምዃኖም ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና - ሓላፊ ኣሃዱ መርመራ ነብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት፡ ኣቶ ተስፋልደት ወልደኣብ፡ እዞም ሕማማት ዳርጋ 70 ሚእታዊት ኣብ ዕለታዊ መነባብሮና ምስ እንዘውትሮ ንጥፈታት ዝተሓሓዙ ምዃኖም ጠቒሱ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ንምክልኻሎም ዘኽእል እወታዊ ናይ ባህሪ ለውጢ ንምምጻእ፡ ተራ ናይ ኩሎም ኣካላት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

## ሞጎሎ - ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞጎሎ፡ ኣብ 6 ምምሕዳራት ከባቢ ምርጫ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣካባቢቲ ዓድን ተኻዪዱ።

ዕላማ'ቲ ምርጫ፡ ነቶም ኣብ ስራሕ ዝጸንሑ ብምትካእ፡ ህዝቢ ዝሓሸ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ባይታ ንምጥጣሕ ከምዝኾነ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣብርሃም ኪዳን፡ እቶም ሓደስቲ ዝተመርጹ፡ ርዝኑት ተሰኪሞምዎ ዘለዉ ሓላፍነት ተገንዚቦም፡ ብእምነትን ተወፋይነትን ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

እቶም ዝተመርጹ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ብወገኖም፡ ንህዝቦም ብቕንዕና ከገልግሉ ኣብርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ሰ/ ኣብርሃም ዒ.

## ኣብ ገማግም ባሕሪ ሕርጊጎ ምግራብ ተኽሊ ሾራ ብሰፊሑ ይካየድ ኣሎ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሕርጊጎ - ንኡስ ዞባ ባጽዕ ኣብ ምዕቃብ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎ ዝግለጽ ተኽሊ ሾራ - ማለት ማንግሮቭ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ናይ ምግራብ ንጥፈታት የካይዱ ኣለዉ።

እቶም ነበርቲ፡ ዝ. ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ምምሕዳር ከተማን ዝተወሰደ ናይ ምግራብ ተበግሶ ብምምጓስ፡ ነቲ ከባቢ ናብ ሓምላይ ንምቕያር ዝካየድ ጻዕሪ ንምዕዋት ካብኦቶም ዝሕተት ከማልኡ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪት ምምሓዳር ከባቢ ሕርጊጎ ወ/ሮ ሓሊማ ዐሰማን፡ ካብ 2002 ክሳብ 2004 ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ምግራብ ሾራ ጽቡቕ ወጽኢት ኣመዝጊቡ'ኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ምትእትታው ሰብን ጥሪትን ከምዝበረሰ ብምዝካር፡ ካብ'ዚ ትምህርቲ ብምቕሳም ብሰፊሑ ተተሓሒዝምዎ ከምዘለዉ ገሊጾ።

እቲ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝካየድ ዘሎ ምግራብ ተኽሊ ሾራ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ኣብ ደሴታት ክትግበር ዝጸንሐ ስራሓት ምዃኑ ዝሓበረ ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ሳምሶን ዘካርያስ ብወገኑ፡ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ምግራብ፡ ንጥቕሙን ኣገዳስነቱን ዝምልከት ጉስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ንህዝቢ ይወሃብ ከምዘሎ ሓቢሩ። ነበርቲ ኣብ ምዕዋት ናይ'ቲ መደብ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃብን ምክንኻንን ናይ'ቲ ዝተተኽለ ኣግራብ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ደማ ኣዘኻኺሩ።

ገረብ ሾራ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምዕቃብ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ምክልኻል ፍግረ-መሬትን ዘለዎ ኣበርክቶ፡ ከም መጽሪዪ፡ መፋረዪ፡ መዕቈብን መጽለልን ዓሳታት እውን የገልግል።

### ሓበሬታ ብዛዕባ ዒድ ኣልፈጥር

ምጅማር ወርሒ ሸዋል እተበስር ሂላል፡ ለሚ ሓሙስ 14 ሰነ 2018 ምሸት ክትሰርቕ ትጽበት ይግበር። ስለ'ዚ ኩሎም ኣመንቲ ምስልምና ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ምሸት ትኩራት ኮይኖም ክከታተሉ፡ ዝሰረቐት ሂላል ዝረኣየ ድማ ንዝቐረበ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ኢፍታእ ወይ ድማ መጅልስ ኣውቃፍ ምስክርነቱ ክህብ ይሕተት።

ምስራቕ ሂላል ወርሒ ሸዋል ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ምስ ዝረጋገጽ፡ ዒድ ኣልፈጥር ጽባሕ ዓርቢ 15 ሰነ ይውዕል። ምስ ዘይረጋገጽ ግና፡ ዓርቢ 15 ሰነ መዛዘሚት ወርሒ ሮሞዳን ተቖጺራ፡ ዒድ ቀዳም 16 ሰነ ይኸውን።

*ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር*
*ቤ/ጽ ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን*

# ዘድልዩና ነገራት ክንፈጥሮም እምበር ክንጽበዮም. . . .

ህይወት ጉዕዞ'ያ። ኣብዚ ጉዕዞ እዚ ድማ፡ ኣብ ህይወት ዘድልዩና ነገራት ብኸመይ ንረኽቦም? ዝብል ሕቶ ኣብ ቅድሜና ከዀነር ግድን'ዩ። ዝም ንጉዕዞና ንቕድሚት ዘሰጉሙ ማሰመራት፡ ክንክተሎም ዘኽእል ብልሕን ጥበብን ኣቐዲምና ክንሃንጽን ኣካል መዓልታዊ ንጥፈታትና ክንገብሮን ኣብ ዘዘበስናሉ እዋን፡ መጋረጃ ባህግና ናብና እናቐረበ ናይ ምምጻእ ተኽእሎኡ ልዑል'ዩ። እዚ ሓያል ስምዒት ምፍጣርን ምውናንን፡ ነቲ ድሒሩ ክመጽእ ዝኽእል ናይ ኣተሓሳስባ ፍልልይን ነውጽን፡ ህቡብ ናይ ኣካብራን ኣብ ምስዓር ከም ደርዒ ኮይኑ'ዩ ዘገልግለና።

ኣብዚ ክንሰሕቶ ዘይብልና፡ ዋላ ደኣ መንፈስናን ሓሳባትናን ብእወታዊ መንገዲ ዝምላእ እንተኾነ፡ ካብ ትጽቢትና ወጻኢ ክመጽእ ንዘኽእል ናይ ህይወት ኢጋጣሚታት ዘሰዓር ድንድል ኣብ ውሽጥና ሃኒጽና ክንጸንሕ እንተዘይክኢልና፡ በቲ ሃንደበት ዝለዓል ማዕበል ንሓዋሩ ክንደብ ንኽእል ኢና። ስለዚ ኢና ድማ፡ ትሕጃ ዝኸውን ነገር ኣብ ኣተሓሳስባናን ኣካብራናን ከየማዕበልን ከተኣታቱን ዝድርኹና መንገድታት ክንፈጥር ዘድልየና።

ኣብዛ ምድሪ ምፍጣርና ንሰለ ምፍጣር ክሳብ ዘይኮነ፡ ንዓለም ብዓይኒ ካልኦት ምርኣይ ኣቋርጽና፡ በዘን ምጨዋት ኣዒንትናን በቲ ሰፊሕ ኣተሓሳስባናን ክንጥምታን ከየማእዘናን ንበለ። ዝ. ጥሙሕ ባህግታትና ዘሰምር ሕልሚ ኣብ እንንዓዝ ህሞት ዝቕልቀሉ ሓሳባትን ዝፍጠሩ ናይ ባህታ ኢጋጣሚታትን፡ ህይወትና ኣብ ምቕያር ዘለዎም ብልጫ ማእለያ የብሉን። እለሻና ኣብ ማእገር እወታዊ ሓሳባትና ኣቓሚጥና ክሳብ ዝጋሉብና፡ ዘርያ ናይ ዓለምና ብእወታዊ ድርኺትና ተጸልዩ ኣብ ዓወትና'ዩ ዘኹድድ። እቲ ዝገርም ነገር፡ ሓንሳብ ኣብ ሓዲድ ዓወት ዝረገጸት ህይወት፡ እልቢ ብዘይብሎም ዓወታት ትኸበብ ምኳና'ዩ። እዚ ማለት ኣተሓሳስባና ቀንዲ ምንጪ ዓወት ምኳኑ እዩ ዘብርሃልና። ስለዚ፡ ኣተሓሳስባና ክሳብ ብጥበብን ውሕልነትን ተኸሊሱ ዝተዋደደ ጣና ድምቀት ህይወትና ፈጺሙ ክዛሰስ ዝኽእል ኣይኮነን። ኣብ ድምቀት ንድምቀት ናይ ምንባር መትከልና ሳላ ብሉጽ ኣተሓሳስባና ደልዲሉ'ዩ ዝነብር።

ንነገራት ካብ ብዛረርታ ምቁማት ወጺእና፡ ዘድልዩና ነገራት ኣብ ምፍጣሮም እጃምና ስብሰብ ክኸውን ይግባእ። ኣብዛ ዓለም ዘሎ ኩሉ ምቁር ነገር፡ ትማሊ - ግዜ፡ ጉልበት፡ ፍቕሪ፡ ማሰዋእቲ ኮታስ ኩሉ ጸጋታት ሓቲቱ'ዩ። እቲ ዝጕብኡ ዋጋን ልዕለኡን ስለዝተኸፍሎ ድማ፡ እንሆ ደቂሰቦት ካብ ጸጋኡ ተቓደስቲ ኴንና ግዜና፡ ጉልበትና ወዘተ. ክንዕቕብ በቒዕና። እዚ ኢና ድማ ንሕና ናይ ሎሚ ወለዶ እንሕተቶ። ነቲ እንደልዮ ምምናይ ጥራይ ዘይኮነ ምፍጣር። ምስትንታን ዘይኮነ ምብጋስ፡ ተሰፋ ምቑራጽ ዘይኮነ ሓይልኻ ምርኣይ። ካብ ሽግር ምህዳም ዘይኮነ ምግጣም። ምርኣይ ጥራይ ዘይኮነ ምስትውዓል ዘድልየና። እዞም ስልትታት እዚኦም ኣብ ህይወትና ከዘውትርም ምስ እንጀምር፡ ጸጋታት ህይወት ከም ኣጻብዕቲ ኣእዳውና ክንቖጻጸሮም ዘጸግመና የለን። እቲ ዘድሊ ንጥሙሕና ክሳብ ክንደይ ንገዓሉን ኣብ ልብና ቦታ ንህቦን'ዩ። እምበር ህይወት ባህጽም ንኽስዕምሩ ኣብ ሓዲዳ ንዘዘሰቕሉ ከተብጽሕ ረብሓ ኣይትፈልጦን ከቶ'ውን ትርብርብ ኣይኮነትን።

እቲ ሕቶ ንሕና ካብዮኖት ምኻንና ገጾ-ርእሰና ምግምጋም'ዩ ዘድልየና። ካብቶም ሸግር ምስ መጾም ራእዮም ዝርጥርጡ ወይስ ሸግር ምስ ከበቦም ናይ ሕልሞም ራኢ መለሱ ዝዓቢ? ኣብ ጫፍ ናይዚ ሕቶ እዩ - ድሌት ባህግታትና ተንጠልጢሉ ዘርከብ። ጫፍ ባህግና ንምብጻሕን ኣብ ጭሪ ባህግና ምንባርን ምርጫና ከይኑ፡ ንሕና ድማ ኣሳሲዬቲ ናይ ምርጫና ኢና። ስለዚ ድማ'ዩ ንባህግና ዘብርህን ንባህግና ዘርምስን መንገዲ ኣንፈቱ ነንበይኑ ዝኾነ። ኣብዚ ኣንፈትና ንምንጻር እንገብሮ ላዕልን ታሕትን ካብ ዝኸበቡና ሽግራት ንምውጻእ እኣርእዩ ጥበብን ብልሕን ዓቕልን ትዕግስትን ድማ ኣብ ውሽጢ ዓለምና ዘለና ዓሚቕ ጥሙሕ ከዘጸርን ንህይወት በቲ ዝበለጸ መንገዲ ክንመርሓን ንኽእል።

ህይወትና ኣብ ትግሃት ንትግሃት ከተኸሸራትት ተፈሪዳ ክይትነብር፡ ሎሚ ብሉጽ ኣተሓሳስባ ብምውናን ባህግታትና እኣስምረሉ ናጻ መስመር ክንክተል የድልየና። እቲ ኩሉ ሰብ ዝተዓደሎ ዝሓየለ ሃብቲ ናይ ሓንጎል ተዓዲልና ኢና። ካብዚ ወጻኢ ሃብቲ የለን። ብሓይሊ ኣተሓሳስባና ነገራት ክንቖጻጸሮምን ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ክኸውን ናትና ምርጫ'ዩ። ኣብዚ እዩ ብልሕናን ጥበብና ዝርኣን ዝቶምዝምን። ጥገታትና ውትሩ ኣብ ኢድና እዮም። ስለምንታይ፡ በቲ ዓጋቲ ዘይብሉ ኣተሓሳስባና ስለዝምእዘኑ። ጸጋታትና ካብና ዝርሕቁ ድኑታት ኣተሓሳስባና ዝወለዶ ምኳኑ ድማ ቅጅል ይብለኒ። ናብዚ ዝመርሑ ረቛሒታት ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ ሓደን ቀንድን ግን ባዕልና ንፈጥሮ ርድኢት እዩ። ንሱ ድማ፡ ነገራት ፈጺሞም ከም ዘይክእሉ ኣምሰልካ ምርኣይ ምኳኑ ዝኩሓድ ኣይኮነን። እዚ ኣሉታዊ ስምዒት እዩ ካብ መንፈስና ክርሕቕ ዘለዎ። 'ዘይተጠንሰ ኣይውለድን'ዩ' ከም ዝተባህለ ድማ፡ ዘይሓለምናዮን ኣብ ውሽጥና ከም እንጭብጦ ዘይኣመናሉን ክንበጽሖን ክንዕውተሉን ዝከኣል ኣይኮነን። ንሕና ወጽኢት ኣተሓሳስባና ክሳብ ዝኾንና፡ ናይ ጸባሕ ወጽኢትና ናይ ትማሊ ኣካይዳናን ምርጫናን ምኳኑ ክኩሓድ የብሉን።

ስግርና ዘለዉ ነገራት ካብ ምምናዮም ሓሊፍና ክንፈጥሮም ተመሪና - ተበጊስናዶ ንፈልጥ? እቲ ቀዳማይ ኣብዚ ክንገብሮ ዘለና ንባህግና መሚና ምፍላጥ'ዩ። ብድሕሪዚ ናብኡ ዘቕንዑ መንገድታት ምጽናዕን ምጽራግን። ንኹሎም ዘጋጥሙ ብድሆታት ኣብሰኻ፡ ግዜኻ፡ ፍቕርኻ፡ ሓይልኻ፡ ሕልምኻ ኮታስ ትውንኖም ጸጋታት ብቐንዕና ምውፋይን ኣብ ውሽጢ ባህግኻ ብፍቕሪ ምውዳቕን እዩ። ኣብዚ ንምንባርና ዝፈታተን ብድሆ ኪጋጥመና ይኽእል'ዩ። ድሌትን ሓይልን ናይ ሕልምና ንዘጋጥመና ማሰናኽል ንኽንቅበሎምን ሚላ ፈጢርና ንኽንሰዕሮምን ዘኽእል ሓይሊ ውሽጥና የመንጩ እዩ። ምንጪ ናይዚ ጸዓት'ዚ ድማ'ዩ ስዕረት ኣጸፋሪ ተኺላ ክትፈታተኖ እውን እናቐረበት ዝያዳ እንሕይልን መንፈስና ዝተርርን። ኣብ ባህጊ ጥራይ ብዘይ ተበግሶ ተሰማሪና እንተደኣ ጸኒሕና ግን፡ ናይ ህይወት ሰናሚ ካብ ሰርና ምሕው ኣብሉ ንውሽጥና ዝልኣለም ኣብ ናይ ውሻጠ ብዮቱ ክቕብሮ ድሕር ኣይብልን። ትማሊ ዓለም፡ ኪኖዚ ሎሚ እንርእዮን እንሰምዖን ዘለና ጸጋታትን ስልጣንን ውሒጣን ቀብራን ክርያ ክረ ገይራ እያ። ዓለም ኣይኮነትን ንሰዕረት ኣድካ ዘርጊሕትሉ፡ ምስ ምሉእ ሓይልኻን ድልየትካን ክለኻ'ውን ትንሕፍ ኣይኮነትን።

ኣብ ውዕል ዘይኣተናላ ህይወትና፡ ህይወት ከይቀደመትና ትምኒትና ኣብ ኢድና ክንጭብጦምን ብጸጋታቶም ሓጉስና ክንምልእን ውትሩ ክንቅሕ ኣለና። ብቐንዱ ምርጫና ኣብ ቅድሜና ኮፍ ኣቢልና ከም ብጹይና ከዕልሎ፡ እቲ ዝበለጸ ንብሎ ንዓኡ ክንወፍዮን ኣለና። ኩሉ ሎሚ እንህቦ ጸባሕ ብዕጽፍታት'ዩ ዝምለሰና። ንዝርፎም ብዛረርታ ውሽጥና ክመልእዎ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ጥሙሕ ውሽጥና ከስተማቕርም ኣለዎ። ኣብዛ ምድሪ ዝተፈጥረ ገለኡ ንዓና ዘይምልከት ጌርካ ካብ ምርዓም ክንርሕቕ ኣለና። እዚ ንስምዒትና፡ ባህግና ከም ዝደስከለ ጸብ ክበታትኖን ካብ ስራሕ ወጻኢ ክገብሮን ዘኽእል መርዝም ኣተሓሳስባ'ዩ። እዚ ኣተሓሳስባዚ ኣብ ውሽጥና እንተሰፊሩ ንዕድልናን መጻኢናን ከጸልምት ዝግዕቶ ሓይሊ ኩቶ የለን። ጽልዋ ኣተሓሳስባና ክሳብ ዘይቶዋረናን ዘኞቶናዕናን ኣብ ውድቀት ምሕንባስናን ምንባርናን ዘይተርፍ እዩ።

ህይወት ምርጫ ክሳብ ዝኾነት፡ እዛ ዘለናያ ትሕመቕ ትጸብቕ ምርጫና'ያ። ትምኒትና ስለዘበርኸን ዝዓበየን ጥራይ ህይወት ብሓደ መዓልቲ ኣብ ጫፍ ገመድ ናይ ዓወት ኮፍ ኣይተብለናን'ያ። ድምር ናይቶም ደቓቕቲ ሰዓታትን ረቓቕቲ ሓሳባትን ኣብ ጫፍ ጥልቀት ባህግታትና ተኾይጥና ክንነብር ግን መጋረጃኣ ወትሩ ተኸፊቱ ምስ ተጸበየና እዩ። እቲ ዘድሊ ንህይወት ብሕግታት ምውጣር ዘይኮነ፡ ብዕላማ ምምራሕ'ዩ ናብ መንገዲ ዓወት ዝመርሕ። ባህግና ፈጺሙ ደረት ዝብሃል ክህልዎ የብሉን። ዶክተር፡ መምህር፡ መሃንድስ፡ ደራሲ ወዘተ. ሓደ መዓልቲ እቲ ንደልዮ ክንኸውን ምኳንና ንኣመን ንበሰ ድማ። ኣብ እምነት ዘይውለድ የለን። ኣብዛ ዓለም እንሆ ኣእዛንና ተኣምር ነገር ይሰምዑ፡ ኣእዳውና ሓደሽ ምህዞ ይድህሰሱ፡ ኣዒንትና ትንግርቲ ይዕዘባ . . . እቲ ዝርዝር ብዙሕ'ዩ። ኣብ መሰረት ናይዚ ንዓለምን ምንባር ወዲ-ሰብን ልሙድ ከም ዝኸውን ዝገብሩ ሰብ በሊሕ ኣተሓሳስባ ተጻንቢርና ምዕራፍ ጉዕዞ ኣብ ዘልኣለማዊ ዓወት ንጽመዱ።

ስፍሓት ዓንኬል ኣድማስና ደረቱ ኣብ ኣተሓሳስባና'ዩ ዝዕቀን። ሓንጎልና ክሳብ'ቲ ዝኣበናዮ፡ ዝኣመንናዮ እዩ ዘብጽሓና። ስለዚ፡ እቶም ካብ ጉዕዞ ደው ዘበሉና ዝሕንክሉና ነገራት ባዕልና ኢና ንፈጥሮም ማለት'ዩ። ዘርኢ ከየንጠዐናሉ ዝተረፈ ግራትና፡ ከምቲ ዘርኢ ዘወደቕ ግራት እኽሊ ክፈሪ ኣይንጽበ። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ደረት ግራትና ከየብጻሕና ትሕዝቶ ናይ ዘርእና ስለዘዘጸንቅቕ። ኣብዛ ደረት ዘይብላ ዓለም ኣተሓሳስባና ደረት እንተገይርናሉ፡ ንድሌታትና እንተርፎ ምምዕዳው ምጭባጥ ከም ዘይምልከተና ብምቑጻር ኣብ ጊልያ ኣሉታዊ ሓሳባትና እናኸሸራተትና፡ ጉዕዞና ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ንድሕሪት'ዩ ክኸውን። ኣብዚ ርግኣትና ሃዲሙ ምንባርና ኣብ ክንዲ ጸቡቕ ፍሬ ክርዳድ'ዩ ዘፍሪ። ሰገምትና ኣብ ሽበድበድን ረቦሽን ስለዝጽመድ ካብ ጸገም ናብ ጸገም እናተዃለጥና፡ ሩፍታና ሃዲሙ ንምንባር ጸለእና ንዓለም ንሓዋሩ ክንሰናበታ ንደሊ። ካብዚ ዘይርጎእ ናይ ምንባር ጉዕዞ ከውጽኣና ዝኽእል እንኮ ኣማራጺ፡ ባህጊ ምህላውን ኣንፈት ጉዕዞና ናብ ባህግና ዘብጽሕ መስመር ምኽታልን እዩ።

ኣተሓሳስባና ማእከልን ሕመረትን ህይወትና ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ህንጻጸትን ዕንወትን ህይወትና ዘለዎ እጃም ኣቃሊልካ ዝርኣ ኣይኮነን። እዚ ማስርሕ'ዚ ንመልክዕ ኣካብራና ቅርጺ ኣብ ምውጻእን መንገዲ ኣብ ምምራሕን'ዩ ዝጸዲ። ቅድሚ ምብጋስና ኣበይ ከም እንበጽሕን ክንደይ ግዜ ከም ዝወሰደልናን ሓርፋፍ ዝኾነ ገምጋም ክንሕዝን ንኣካይዳና ክንቆጻጸርን የኽእለና። እዚ ቅዲ'ዚ ዘድልዩና ነገራት ኣብ ምውናንን ባህግና ኣብ ምስዓርን ጥጡሕ ባይታ'ዩ ዝጸርገልና። ሓሳባትና ሃጸፂ ክሳብ ዝኾነ ንላዕሊ ዘደይቡ'ምበር፡ ዘውርዱ ኣይኮኑን። ብሱል ሓሳባትና ተኣምራታዊ ዝኾነ ነገር ክስሕቡን ኣብ ቅድሜና ክቐምጡን ባህሪ ተፈጥሮ ከፍቅደሎም እዩ። ድምር ቀመራታት ሓሳባትናን ጉዕዞናን ካብ ብትግሃት ሃረር ምባል ወጺእና ፈጠርቶምን መማዝዮምን ኢና እንኸውን። ሓይሊ ሓሳባትና ወጽኢት ናይቲ ኑብስና ኣብ ምህናጽን ኣብ ምሕያልን ዘጥፋእናዮ ግዜ'ዩ ዝምስክር። እዚ ወርጹጽ ኣካይዳ ካብቶም ኣብ ህይወት ሃንደበት ብዘፍጠሩን ዝኸሰቱን ማዕበላት ክንወጽእን ብህይወት ክንሰርርን ኣይንጸግምን።

ኣብ ህይወት ዘድልዩና ነገራት ብምጽዕዶ ካብ ምጥማት ሓሊፍና ዋንነትና ክንገብሮም ክንጠለስ ኣሎና። ኣብ ጉዕዞና ባህግና ንምጭባጥ እንገብሮ ሓርኮትኮት ድኻምን ምስልቻውን ክስዕመና የብሉን። ዓወት ከም ስማ ንኽትረኽብ ዓቕብ'ያ። እንተተበጊስና ግን፡ እቲ ብምጽዕዶ ዘፍርሓና ዓቕብ ብጾጋታትናን ዓቕልናን ርእዩ ናብ ቁልቁል ክቕየር ሓጺር ናይ ዓቕልን ትዕግስትን ብዓበኡ ድማ ዘይጸዓድ ተሰፋ ምሕንጋጥ'ዩ ዘድልየና። ፍቕርናን ግዜናን ንባህግና ኣብ ዝወፈናሉ፡ ባህግና ጋግ ርሕቀቱ እናኣጸበበ ኣብ ኢድና ክንጭብጦ ዝገብረና ሓይሊ የለን። እቲ ቀንድን ወሳንን ነገር፡ ባህግና ካብ ብርሕቀት ምምናይ ወጺእ ኢልና፡ ዋንነትና ክንገብሮ ብዘይምስልካይ ምስዓም፡ ኣካል መዓልታዊ ንጥፈታትና ክንገብሮ ምጽዓርን ኣብ ባህግና ምንባር ክንላመድን ኣለና። እዚ ምስ ባህግና ዘለና ቅድወት፡ ጨራ ሕልምና ኣብ ምብራህ ዓቢ ተራ'ዩ ዝጻወት። ንንቕሓትና ብዕጽፊ'ዩ ዘበርኾ። ንድሌታትና ዚያዳ የደንፍዖ። ምውሳኽ ድሌታትና ንምሕያል ውሽጣዊ ብራኸና ስለዘደፋፍኦን ዝቕስቕሶን ሓይሊ ጥበብና ካብ ዕለት ናብ ዕለት ንቕድሚት እናመረሸ ብሓይሊ ዘይጻዓድ ውሽጣዊ ባህግና ተመርኲስና፡ ንዘድልዩና ነገራት ካብ ምምናይ ወጺእ ኢልና፡ ኣብ ኢድና ክንጭብጦም ኣይክንጸግምን ኢና።

ጆሚ/ ደጆን ተኽለ


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳራ ኣለም
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ምስጋና ተዓገስ
ሰገን ሰረቐ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሳምራዊት መለስ


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ዶክመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | Tech insight |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:40 | ዘተ ስፖርት |
| 14:25 | ሽኻት |
| 15:05 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ልዝብ መንእሰያት |
| 16:35 | ናትራን |
| 18:25 | ሰይዳ |
| 19:05 | መደብ ህጻናት ፈያሪና |
| 19:40 | ሙ/ድራማ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ተኸታታሊ ፊልም ንጥብ ዝኸሪ ዘመን 26 |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ምኽሪ ሞያውያን ብቐጥታ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |




# ትንበያ ዋንጫ ዓለም ብ AI?



ካብዚ ጀሚርካ ኩላትና ኣብ ዘኾነ ነገር ግምትና ወይ ትንቢትና ካብ ምሉብ ተቑጢብና ኣይንፈልጥን። ግጥም ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ሰኪዑት፡ መርበብ ተኒስ ወዘተ . . .። እንተኾነ ዝበዝሐ ግዜ እቲ እንህቦ ግምት ኣብ ህሉው ኩነታት እቶም ተጻወትቲን ጋንታን ዘይኮነ ኣብ ስምዒት ወይ ተፈጥሮት ዝዘወ እዩ፡ ደሮ እኳ ብዙሓት ሰባት፡ ኣዚ ሎሚ መጋረጃኡ ዝቐንጥጥ ዘሎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ዝካየድ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ሃገራውያን ጋንታታት ወይ ዋንጫ ዓለም፡ መን ኒታ ብወርቂ ዝተለበጠት ጽዋዕ ከም ዝጭብጣ ዝተፈላለዩ ኣፍቀርቲ'ቲ ስፖርት፡ ኣብ ትንቢያ ተኸታቲልቲ ወይ ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ዝሁብዎ መግለጺታት ብምምርኳስ ክጣልዑ ወይ ክቋመሩ ይረኣዩ ከም ዘለዉ እዩ ዝግለጽ።

እንተኾነ ኣብ ቅመራን ምምዕባል ሶፍትዌርን ዝጥፉ ተመራመርቲ ኑቶም ኣየገይቶን ሃገራዊት ጋንታ ኒታ ዋንጫ ከም እትወስዳ ብምግማት ክጣልዑ ዝደልዩ ሰባት፡ ንሃገራውያን ጋንታታት ብራዚል ወይ እስጳኛ እተን ቀዳሞት ምርጫኦም ክኾና ከም ዘለወን እዮም ዝመኽሩ ዘለዉ።

እዚ ብትካል ጎልድ-ማን ሳችስን ተኽኢካል ዩኒቨርሲቲ ኦፍ ዶርትሙንድን ዝተኻየደ ክልተ ነንብይት ብዝተኻየደ መጽናዕትታት እዩ፡ እዚ ግን ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ኣዚ መጽናዕቲ ዘካየዱ ትካላት ፍልልያት ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ኣገዶ ዓቢ እኳ ደኣ።

እቲ ብትካል ጎልድ-ማን ሰችስ ዝተኻየደ ሜላ ኣጸናንዓ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጋንታ ናይ ዝጻወቱ ነፍሲ-ወከፍ ተጻወትቲ ድኹምን ብሉጽን ጉድንታቶም፡ ናይ ጋንታታት ሜላ ኣጸዋውታን ናይ ቀረባ ውጽኢታተንን ዝሓዘ ዳታ ኣብ ኣርቲፊሻዊ ሸግረት (AI) ብምእታው ዝተኻየደ እዩ ነይሩ።

ቡቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲ ድማ፡ ናይ ኩለን ጋንታታት ጸወታታት ብመሰሌታ (simulation) ሞደል እናኣዳለውት፡ ንኹሉ እቲ ክኸውን ዝኽእል ውጽኢታት ፈተሸት። ካብቲ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዝምብዝሑ ናይ መሰሌታ ጸወታታት (ኣብ ኮምፕዩተር ብሰምዩለሽን ዝተኻየደ ማለት'ዩ) ከኣ፡ ኒታ ጽዋዕ ክትዕውተላ ዝለዓለ ኣድ ዘለዋ ሃገራዊት ጋንታ ኣየኒይቲ ምኳና ሓብራ ኣሎ።

እተን ቀዳሞት ዓሰርተ ኣዚ ውድድር ክዕወታሉ ይኽእላ እየን ዝበሉወን ሃገራውያን ጋንታታት ድማ እዘን ዝስዕባ እየን፡

1. ብራዚል - 18.5 ሚእታዊት
2. ፈረንሳ - 11.3 ሚእታዊት
3. ጀርመን - 10.7 ሚእታዊት
4. ፖርቱጋል - 9.4 ሚእታዊት
5. ቤልጃም - 8.2 ሚእታዊት
6. ዓዲ-እንግሊዝ - 7.8 ሚእታዊት
7. ኣርጀንቲና - 6.5 ሚእታዊት
8. እስጳኛ - 5.7 ሚእታዊት
9. ኮሎምቢያ - 3.7 ሚእታዊት
10. ኡራጓይ - 3.2 ሚእታዊት

ስለዚ፡ እዘን ሃገራውያን ጋንታታት ኒታ ዋንጫ ናይ ምዕዋት ዕድል ከም ዘለወን እዩ ትካል ጎልድ-ማን ሳችስ ዝትንብዩ።

ብመንጽር ናይ'ዚ፡ እቶም ኣብ ጀርመን ዝመደበሮም ተመራመርቲ ካልእ ብ "ራንደም-ፎረስት ኣፕሮች" ዝጽዋዕ ኣብ ስታስቲክስን 'ማሺን ለርኒንግን' ዘጠቓልል ዝተፈልየ መንገዲ እዩ።

ኣብቲ መጽናዕቲ እታ ኣዚ ውድድር ክትዕወተሉ ዝያዳ ዕድል ዘለዋ ጋንታ ብ17.8 ሚእታዊት እስጳኛ ከም ዝኾነት እዩ። እዚ ከኣ ልዕሊ 100 ሽሕ ናይ መሰሌታ ጸወታታት ብምክያድ ዝተረኽበ ምኳኑ እቶም ኣዚ ምርምር ዘካየዱ ክኢላታት ይገልጹ። እንተኾነ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ናብ ርብዒ ፍጻመ እንተበጺሓ (58 ሚእታዊት ዕድል ኣለዋ ንክትበጽሕ)፡ ዕድል እስጳኛ ከም ዝቕህም እዮም ወሲኾም ዝሕብሩ።

እቲ እዞም ጀርመናውያን ዝተጠቐሙሉ ናይ ትንቢያ መስርሕ ኑቲ ቅድሚ ሕጂ ዝጸንሐ ጠቕላሊ ከም ዝቕደር እዩ ዝግለጽ። እቲ ቅድሚ ሕጂ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ሞደል ንኹሉ እቲ ዳታ ብሓንሳብ እዩ ክቕምር ጸኒሑ። እዚ ሓድሽ ሞደል ግን ኑቲ ካብ ነፍሲ-ወከፍ መሰሌት ዝረኸቦ ውጽኢት ነንብይት ብምርኣይ እዩ እቲ ዝተጻዕለ ኣርቲፊሻዊ ሸግረት ስርሑ ዘካይድ።



እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣስማት እተን ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ዝራኸባ ሃገራትን መን ምስ መን ተጻዊታ ናብ ፍጻመ ከም እትሓልፍን እውን ተነቢዮም እዮም። ፈረንሳ፡ ፖርቱጋል፡ ጀርመንን ብራዚልን ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ክራኸባ ከም ዝኾና። ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ሞስኮ ዝካየድ ናይ ፍጻመ ጸወታ ድማ ሃገራውያን ጋንታታት ብራዚልን ጀርመንን ክራኸባ ምኳነን ዝትንብዩ እዩ።

እንተኾነ፡ እዚ ሎሚ ተኸፊቱ ክሳብ ዝመጽእ 15 ሓምለ ዝህሉ ግጥማት መን እያ ኒታ ጽዋዕ ተልዕላ ሓቢርና እንርእዮ ኣጋጣሚ ክኸውን እዩ፡ ትንቢያ ኮምፕዩተራት ዶ ወላስ ትንቢያ ትካላት ቁማር ከም ዝሰዕር ሓምለ 15 ክትምልሰልና እያ።

ምንጪ፡ dailymail.com

## ሓጸርቲ ዜናታት ሳይ-ቴክ . . .

# መደበር ምርምር ጠፈር ኣመሪካ - ናሳ ናብ ፕላኔት ማርስ ንዳህሳስ ዝለኣኻ መንኩርኮር፡ ብኦርጋኒክ ነገር ዝቖሙ ጥንታውያን ነገራት ከም ዝዳህሰሰት ገሊጹ። በዚ ከኣ፡ እታ ፕላኔት ህይወታውያን ይነብሩላ ነይሮም ዝብል ጥርጣረታት ዘራጉድ መርትዖ ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ።

# ናይ ሓንጎል ምምዛብል ወይ ባይፖላር ሕማም ምስ ሕማማት 'ማይቶኮንድርያ' ምትሕሓዝ ክህልዎ ከም ዝኽእል ተመራመርቲ ሓቢሮም።

# ኣብ ኤም.ኣይ.ቲ ዝመደበሮም ተመራመርቲ ናብ ልቢ ብዘይ ጸገም መድሃኒት ከተብጽሕ እትኽእል መሳርሒት ከም ዘማዕበሉ ገሊጾም።

# ኢንጅነራት ወይ መሃንድሳት ኣብ መንጎ ነገራትን ብርሃንን ዘሎ ዝምድና ከም ዘመሓየሽዎ ገሊጾም።

# ተመራመርቲ መልሲ ንምርካብ ናብ ኣድማስ ይጥምቱ

ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ዓለምና ብዘርኢ ዘሎ - ክሊማዊ ለውጢ፡ ምብራስ ኣግራብ ምጥፋእ ህይወታዊ ስሱዓትን ካልኦት ምኽንያታትን እናተራእየ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ወዲ-ሰብ ከኣ ኣዚ ባዕሉ ዝፈጠሮ ጸገም ብኸመይ መንገዲ ንመጻኢ ወለዶኡ የውሕስ ብዝዕባ ዝብል ኣርእስቲ ክሓስብ ዝግደደሉ ግዜ ከም ዝበጽሐ ብዙሓት ተመራመርቲ ይዛረቡ። እንተኾነ ኣብ ዝበዝሕና እትቕልቀል ቀዳመይቲ ሕቶ 'ብኸመይ ኢና ህላወና ክነውሕስ? ይከኣል ድዩ ኸ?' እትብል እያ። ኣዚ መልሲ ንክረኽቡ ዝተፈላለዩ ተመራመርቲ በበዓውደኦም ይፍትኑ ኣለዉ። ገለ ካብ'ዞም ተመራመርቲ እቶም ኣብ ዓውዲ ኣስትሮሎጂ ዝጥፉ እዮም። እዞም ኣብ'ዚ ዓውዲ ዝጥፉ ስነ-ፍልጠኛታት፡ ቀንዲ ዕማሞም ኣብ ኣድማስ ንዘለዉ ከዋኽብቲ፡ ጋላክሲታት፡ ኮመትን ጸለምቲ ጉዳጉዲን ምድህሳስ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ፡ ካልኦት ከም'ዛ ፕላኔትና ፍጡራት ዝነብሩላ ፕላኔት ምድላይ እውን ገለ ካብ'ቲ ዳህሳስ ኣብ ዘካይዱሉ እዋን ኣብ ግምት ዘእትውዎ ነገራት እዩ።

እዚ ካልኦት ፍጡራት ዘለወን ፕላነታት ናይ ምድላይ ሓሳባት ሎሚ ዝተበገሰ ከም ዘይኮነ ብዙሓት ዕድመ ዝበልዑ መጽናዕታውያን ጽሑፋት ይነግሩና እዮም። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ግን፡ ይህልዋ ዶ ይኾና ዝብል ዘይኮነ እቲ ሕቶ - እቶም ኣብኦን ዝርከቡ ፍጡራት ብኸመይ መንገዲ ህላውኖም የረጋግጹ ኣለዉ? ኣብ መሬት ተፈቲኑ ኸ ውጽኢት ይርከቦ ድዩ? ኣብ'ዚ እንነብረሉ ቁዝሞስ ከ ካልኦት ከም'ዚ ናትና ፍጡራት ዝነበረን ፕላነታት ነይረን ዶ? ካልኦትን ዝብሉ ሕቶታት ምልዓልን ምጽናዕን እዩ።

ካብ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ዩኒቨርሲቲታት ዓለምና ዝተኣከቡ ሊቃውንቲ ስነ-ከዋኽብቲ (ኣስትሮሎጂስት) ድማ ነዞም ሕቶታት ንምምላስ ተዳልዮም ከም ዘለዉ እዮም ዝገልጹ።

ንሶቶም ከም ዝገለጽዎ፡ ዓለምና እታ እንኮ ስልጡን ስነ-ህይወታውያን ዝተራእየላ ፕላኔት እንተ ዘይኮይና፡ ንኸም'ዚ ናይ መሬትና ዕድመ ስልጡን ዘለዎምን ካልኦትን ዝመርሕ ሕግታት ተፈጥሮ ክህሉ ኣለዎ ማለት'ዩ ዝብል እዩ።

ክሳብ ሕጂ ተበጺሖ ብዘሎ መጽናዕትታት፡ ናይ ሓደ ስልጡን ብዘሐ. ህዝቢ. ክውሰኽ ምስ ዝጀምር፡ ብኡ መጠን ድማ እቲ ካብ ከርሲ'ታ ፕላኔት ዝጥቀሙሉ ነገራት እናበዝሐ ይኸይድ። በዚ ከኣ ኩንት ናይ'ታ ፕላኔት ይቕየር ማለት እዩ፡ ብሓጺሩ ስልጡናትን ፕላኔትን ነንበይኖም ክኸዱ ኣይክእሉን። ምኽንያቱ እቲ ሓደ ብዘይ'ቲ ካልኣይ ስለ ዘይህሉ ዝብል እዩ፡ ነዚን ካልእን ይምልስ እዩ ዝበልዎ ብቐማረታት ዝተሰነየ ክልሰ-ሓሳባት ኣዳልዮም ከም ዘለዉ እዮም እቶም ተመራመርቲ ዝገልጹ። (ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ዝመጽእ ሰሙን ብሰፊሑ ክቐርብ እዩ)

ምንጪ፡ scitechdaily.com

# ጸጋታት ባሕሪ

## ኮቢያ ዓሳ (ብሕቱው ዓሳ)

ትኩእ ኪዳን

ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ዝተፈላለየ ጸጋታት ባሕሪ ሓቚፉ ዝርከብ ኮይኑ፣ ገለ ንምጥቃስ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጸፍሒ ባሕሪ፣ ዓበይቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጸፍሒ ባሕሪ ፥ ባይታኣውያን ዓሳታት፣ ዕንበባታት ባሕርን ኣዕዋፍ ባሕርን ካልኦት ኣትክልቲ ባሕርን ደቀቕቲ ፍጥረታት ባሕርን ዝሓዘ ከም ዝኾነ ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ሕጂ ከተትኩረሉ ደሊና ዘለና ሓደ ካብ ዓበይቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጸፍሒ ባሕሪ ዝኾነ ኮቢያ ዝበሃል ዓሳ እዩ ። እዚ ዓሳ እዚ ብልምዳዊ ኣጸዋውዓ ሰኽላ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኮቢያ ካብ ዓጸማት ዓይነት ዓሳታት ኮይኑ ንዓሌት ራኪ. ሴንትሮን ክውክል ከሎ ኣብ ስዳራ ቤት ራኪ. ሴንትረዴ ከኣ ይምደብ፣ እዚ ዓሳ እዚ ንስድራቤቱ ዝውክል እንኮ ዓሳ እዩ። ራኪ. ሴንትሮን ካብ ናይ ቃላት ግሪኽ ዝመጸ ኮይኑ "ራኪስ" ማለት እሾኽ ክኸውን ከሎ ሴንትሮን ዓንዲ ሕቖ ማለት እዩ። ሳይንሳዊ ኣጸዋውዓ ናይዚ ዓሳ እዚ ከኣ ራኪ. ሴንትሮን ካናዱም (Rachy centron Canadum) ይበሃል። ካልእ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ካብቲ መቐረት ናይቲ ስግኡ እንተስ ካብ ሕብሪ ቆርበቱ ተበጊሶም ብዝተፈላለየ ኣስማት ይጽውዕዎ። ንኣብነት ጸሊም ንጉስ ባሕሪ፣ ጸሊም ሳልማን፣ ለሚን ዓሳ እንዳ ተባሂለ ይጽዋዕ። ኣብ ሃገርና ከኣ ብልምዳዊ ኣጸዋውዓ ሰኽላ ይበሃል።




ኮቢያ ቁመቱ ክልተ ሜትሮ ወይ 78 ኢንች ክኸውን ከሎ ዝለዓለ ክብደቱ ድማ 78 ኪግ ይምዝን። ሰኽላ ቅርጹ ልክዕ ኣዔታትና ነመስርሒ. ጡጥ ዝጥቀማላ መፍተል ትብሃል መሳርሒት ዝመሰል ቅርጺ. ኣካላት ክህልዎ ከሎ ጸፊሕን ገፊሕን ርእሲ. ድማ ኣለዎ። የዒንቲ ኮቢያ ካብ ካልኦት ዓሳታት ንእስ ዝበላ ኮይነን እቲ ታሕተዋይ መንጋግኡ ከኣ ካብ ላዕለዋይ መንጋግኡ ዝዓበየ ክኸውን ከሎ ኣብ ትሕቲ መልሓሱ ዝተሰርዑ ደቀቕቲ ኣስናን ድማ ኣለዎ። ኮቢያ ናብ ጸሊም ቡናዊ ዝኸደ ሕብሪ ኣለዎ። ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ. ባሕሪ ስለ ዝርከብ ከኣ ለማጽ ብኣዝዩ ደቀቕቲ ቅርፍቲ (scales) ዝተሸፈነ ኣካላት ክውንን ከሎ ክልተ ዓበይቲ ጸለምቲ ሸራጥ ኣብ ጎድኑ ድማ ኣለዎ። እዚ ኣብ ግዜ ምውሳብ እቲ ተባዕታይ ቡታ ኣንስተይቲ ኮቢያ ብቐሊሉ ንኽርኣ ይሕግዞ። ኮቢያ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ዓሳታት ንምቅስቓስን ካብ ጸላእቱ ንምክልኻልን ዝሕግዞ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ክንፍታት ክህልዎ ከሎ ካብ 6-9 ዝበጽሑ ንኣሽቱን ድልዱላትን በላሕትን እሾኽ ኣለዎ። ንኣብነት እቲ ዝዓበየ ላዕለዋይ ክንፊ ናይዚ ዓሳ ህላውነት ሻርክ ኣብ ከባቢኡ ከምዘሎ ይሕብሮ'ሞ ካብ መጥቃዕቲ ሻርክ ንኽምልጥ ይሕግዞ። ምኽንያቱ እዚ ዓሳ እዚ ቀንዲ ብሻርክ ካብ ዝህደኑ ዓሳ ሓደ ስለ ዝኾነ። ኣብ ምጉባዝ ዝርከቡ ኮቢያ ሕብሮም ከምቶም ዓበይቲ ጸሊም ቡናዊ ኮይኑ ቅርጾም ቅርጺ. ፋርኬታ ክመስል ከሎ ጭርኦም ድማ ቅርጺ. ወርሒ. ይመስል ። ከምቶም ዓበይቲ ኮቢያ ከረጺት መሐንበሲ. (Swim Bladder) ዝበሃል ህዋስ ስለ ዘየማዕበሉ ድማ ፈጣናት ኣይኮኑን። እቶም ንኣሽቱ ኮቢያ ብቐሊሉ ዝርኣ ጻዕዳን ጸሊምን ሕብሪ ስለ ዘለዎም ብተጻባእቶም ብቐሊሉ ይህደኑ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ እቶም ዝዓበዩ ውሑዳት እዮም ።

ኮቢያ ዋላ እኳ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ. ባሕሪ ዝርከቡ ይኹኑ እምበር ከምቶም ብጥርኑፍ ወይ ብጉጅለ ዝንዓዙ ዓሳታት ኣይኮኑን። ብበውልቆም ዝነበሩ ብሕቱዋት እዮም። ተመራመርቲ ባሕሪ ካብዚ. ተበጊሶም ብሕቱዋት ዓሳ (Solitary Fish) ብምባል ይገልጽዎም። ብዘይካ ኣብ ዝፋረዩሉ ወቕቲ ንክፋረዩ ኢሎም እንተ ዘይኮይኖም በበይኖም እዮም ዝንቀሳቐሱ። ሓደሓደ ግዜ ድማ መግቦም ንምምእራር ናብ ታሕተዋይ ክፋል ባሕርን ናብ ዕንበባታት ባሕርን ከምኡ ውን ናብ ገረብ ሾራ ይእከቡ።

ኮቢያ ኣብ ዓለም ኣብ ምውቕ ዝበለ ቦታታትን ገማግም ትሮፒካውን ሓውሲ. ትሮፒካውን ማያት ዓለምና ከምኡ ውን ኣብ ኣትላንቲካውን ህንዳዊን ውቅያኖስ ክሳብ ጫፍ ናይ ሰለማዊ ውቅያኖስ ይዝርግሑ። ሙቐት ስለ ዝጻወሩ ድማ ካብ 1.6 ክሳብ 32.2 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዝበጽሕ ሙቐት ክኑበሩን ክንቀሳቐሱን ኣይጸገሙን። ከምኡ ውን ጨው ናይ ምጽዋር ባህሪ ስለ ዘለዎም ከኣ ኣብ ኣዝዩ ጨዋም ባሕርታት ምስቲ ባህሪ ናይቲ ማያዊ ክፍሊ. ዓለምና ተወሃሂዶም ይነብሩ። ኮቢያ ዝተፈላለዩ ዓይነት ዓሳታት ካልኦት ሂወታውያን ባሕርን ከም ብዓል ዕንቅርቢት ባሕሪ ሰቢያ ሰኩድ ተወሳኺ. ድማ ጉብየ ባሕሪ ንኣሽቱ ሻርክን ካልኦት ዓሳታትን ይምገቡ። ከምኡ ውን ህላውነቱ ንምርግጋጽ ዓበይቲ ዓሳታት ናይ ምህዳን ክእለት ስለ ዘለዎ ውን ምስ ብዓል ሻርክን ጉብየ ባሕርን ቀጻሊ. ሓያል ናይ ምንባር ቃልሲ. የካይድ።

ኣንስተይቲ ኮቢያ 1.2 ሚ/ሚ ዓቐን ዘለዎም ብዙሓት እንቋቑሖ ናብ ላዕለዋይ ጸፍሒ. ባሕሪ ብምጽፋይ ክሳብ ዝጫጭሑ ኣብቲ ባሕሪ ምስ ማዕበል ከንሳፈፉ ይጸንሑ'ሞ ድሕሪ ሓደ ሰሙን የዒንትን ኣፍን የማዕብሉ። ተባዕታይ ኮቢያ ክሳብ ዝጉብዝ ክልተ ዓመታት ክወስደሉ ከሎ፣ ነታ ኣንስተይቲ ከኣ ሰለስተ ዓመታት ኣቢሉ ይወስደላ። ናይ ክልቲኦም ዕድመ ብጽሕና ድማ 15 ዓመታት ምዃኑ ተመራመርቲ ሚያሚ ዩኒቨርሲቲ ይነግሩና። ናይ መፍረ ግዜኦም ካብ ሚያዝያ ክሳብ መስከረም ክኸውን ከሎ ኣብዚ. ወቕቲ እዚ. እታ ኣንስተይቲ ኮቢያ 30 ግዜ እንቋቑሖ ክትጸፊ ከምትኽእል እቶም ተመራመርቲ ይገልጹ።

ኮቢያ ከምቶም ካልኦት ዓይነት ዓሳታት መግቦም ንምምእራርን ዘርኦም ንምቕጻልን ኣብ ሓጋይ ናብ ወሽመጥ ሜክሲኮ ኣብ ክረምቲ ድማ ናብ ፍሎሪዳ ወቕታዊ ምስጋም የካይዱ። ኮቢያ ዝበለጸ ጣዕምን መቐረትን ስለ ዘለዎ ኣብ መስሕብ ቱሪዝም ሃገርና ዓቢ. ተራ ኣለዎ። እቲ ስጋ ናይ ኮቢያ ከም ናይ መብዛሕትኦም ዓይነት ዓሳታት ጻዕዳ እኳ እንተኾነ ኣዝዩ ምቁር ስለ ዝኾነ ተደላይን ተባህግን ዓሳ እዩ። ብተወሳኺ. ውን እንተደሊኻ ቆራሪጽካ ፍሌቶ ጌርካ ኣብ ካርቶን ዓሺግካ ናብ ዝተፈላለየ ናይ መሸጣ ትካላት ክተጋዕዞ ስለ ዝከኣል ኣብ ቁጠባዊ እቶት ናይ ሃገርና ጽቡቕ ተራ ይጻወት።

ኮቢያ ካብቶም ካልኦት ዓሳታት ንበይኑ ዝነብርን ብሕቱውን ስለ ዝኾነ ብቐሊሉ ኣብ ሕርሻ ባሕሪ ኣብ ዓበይቲ ጋብላታት ክተፋርዮን ክትዕቅቦን ከምኡውን ንዝተፈላለየ ናይ ምርምር ስርሓት ክተካይደሉ ስለ ዝከኣል ዓቢ. ስትራተጃዊ ኣገዳስነት ኣለዎ። ዝተፈላለያ ሃገራት ሓያል ማልን ዓቕሚ ሰብን ኣዋዲደን ብቴክኖሎጂ ተሰንዮን ነዚ. ምቁር ዓሳ ኣብ ምፍራዩን ምዕቃቡን ሓያል ጻዕርታት ከም ዘካይዳን ከምዘለዎን ይፍለጥ። ኣብ ሃገርና እውን ሓደ ሓደ ፈተነታት ናይ ምፍራይ ዓበይቲ ዓሳታት ይካየድ ከም ዝነበረ ሰነዳት ሃብቲ ባሕሪ የረድኡ። ብመሰረት ዓለማዊ ውድብ ሕርሻ መግቢ. (FAO) 80.6% መፍረ ኮቢያ ኣብ ቻይና፣ ታይዋን፣ ቬትናም ከምዝካየድ ይገልጽ። እዘን ሃገራት ድማ ናብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን ብዝተፈላለየ መልክዕ ብምልኣኽ ገዚፍ መኽሰብ የኻዕብታ ኣለዋ።



### ኣብ ኤርትራ ዝርከበሉ ቦታታት

ኮቢያ ኣብ ሃገርና ኣብ ኩሉ ገማግም ባሕሪ ዝርከቡ እኳ እንተ ኾኑ ብዝያዳ ግን ኣብ ከባቢ. ድሕል፣ ሕርመል፣ ጀምሂል፣ ሓዋጥብ፣ ዲፍነል፣ ዓዋሊ፣ ድልኩስ፣ ሰንዒት፣ ምሽረዕ፣ ካዶ፣ ሓራት፣ ኢስራቱ፣ ድንበዕሎ፣ ደሴት ኖራ፣ ዳህላክ ከቢር፣ ኡም ናቡስ፣ ደሴ፣ ደርቡሸት፣ ደልፊዶል፣ ገልዓሎ፣ ኢንገል ክርከቡ ከለዉ፣ ከምኡ ውን ኣብ ደቡባዊ ቐይሕ ባሕሪ ኣብ ዕዴ፣ በይሉል፣ ጠዖ፣ በርዓሶለን ከባቢ. ዓሰብን ይርከቡ።

### ኣገባብ ኣገኣፍፋ ኮቢያ

ኮቢያ ኣብ ግዜ ዛሕሊ. ኣብ ኣስታት 10 ሜትሮ ዕምቆት ባሕሪ ክርከብ ከሎ፣ ኣብ ናይ ሙቐት ግዜ ድማ ዛሕሊ. ንኽረኽብ ናብ ኣስታት 40 ሜትሮ ዝኸውን ዕምቆት ይወርድ። ኣብ ኩለን ደሴታትን ገማግምን ስለ ዝርከቡ ዓመታዊ ከምቶም ካልኦት ዓሳታት ብጀለብ፣ ስኪዔት፣ ብሎንግ ላይን ክግፈፉ ይኽእሉ። ጀለብ ካብ ናይሎን ዝተሰርሐ ቀጢን ገመድ ኮይኑ ኣብቲ በሊሕ ዓንቃርቦ ልዓፍ ወይ ንኣሽቱ ዓሳታት ብምስኳዕ ክትሕዞ ይከኣል። በዚ. ኣገባብ እዚ. ስኪዔት ኣብ ባሕሪ ብትኹል ብምዝርጋሕ ዓሳ ኣብ ጉዕዞ እንከሎ ሃንደበት በቲ ዓይኒ ናይቲ ስኪዔት ኣብ ዝሓልፈሉ እዋን በቲ ሬተ ኣብ ነፋይ ይትሓዝ። ኣብ ግዜ ምቐት ድማ ብሎግ ላይን ዝበሃል ብማሽን ዝስሓብ ኣስታት 100 ሜትሮ ዝንውሓቱ ከምኡ ውን ኣስታት 50 ሓብ ዓንቃርቦ ንኣሽቱ ዓሳታት ብምስኳዕ ይግፈፉ።

# ሩፍታ

ጸጋብርሃን ጉይትኦም

## እቲ ካልእ ጥፍኣት

ምስቲ ቅድሚ ዓሰርተ ክልተ ዓመት መማህርተይን ወዲ ክፍለይን ዝነበረ ክብርኣብ ሃብተ (ወዲ ሃብተ)፣ ዝሓለፈ ወርሒ ክንራኸብ ከለና ዘዩኹም ዝሓለፈ ልቢ ዝትንከ ዛንታ'ዩ ሓዚለይ ቀሪበ። መጻኢ እቶም ምስኡ ሓቢርም ዝነበሩ ክልተ ቈልዑ ደቂ-ሓፍቱ ዝትንክፍ፣ ኣብ ካልኦት ከድግም ዘይትጸበዮን እቲ ካልእ ጥፍኣት'ዩ..።

ምስ ክብርኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ምስ ክልተ ደቂ-ሓፍቱ ኣብ ማዕኮሚ ማእከል ዓረብና፣ ሰናይ ዝኾነ ናይ ሰንበት ምዘንጋዕ ንምሕላፍ ኣብቲ ቦታ ምስ መጻእ'ዩ ብወዝቢ ምሳይ ተራኺብና። ሐዚዎም ዝነበረ ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ሓደ ወዲ ተባዕታይን ህጻናት፣ ካብቲን ናብቲን እናተናጠረ የዘናግዖም ብምንባሩ ፈለማ ደቁ'ዮም ማስሉመኒ ነይሮም። መዓስ ከም ዝወለዶም ግና ንዓይ ዘይምለስ ሕቶ'ዩ ነይሩ። ብኣካል ተራኺብና ሰላምታ ምስ ተለዋወጥና ግና. . ።

"ደቅኻ ደዮም ደኣ?" ቀላሕታይ ናብኦም ብምጥባር ተወከስክዎ።

"ኖ! ደቂ ሓፍተይ'የም ወርሒ ወርሒ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እናወሰድኩ የዘናግዖም። እዚ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ዳርጋ ካብቲ ብዘይ ምቁራጽ ዘተግብሮን ብፍጹም ዘይርስዖ'ን'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ዞም ቈልዑ ፍሉይ ዝበለ ኣጠማምታ'ዩ ዘሎኒ. . ." ብምባል ሕሉፍ ፍቕሩ ገሊጹለይ።

"ወለዶም'ከ?" ጌና ሕቶይ ከይዛዘምኩ፣ ኣብ ገጹ ናይ ስምባደ ምልክት ክዕዘብ ኣይተጸገምኩን።

"ወለዶም ደኣ . . ." ዝመጽኣቶ ሕቶ ከይመለሰ ኣንጠልጢሉ ገደፋ።

"ማለተይ . . . ወርሓዊ ብመደብ ተዛውርም እንተኾይንካ . ." ጌና ዘረባይ ከይወዳእኩ ናይ ተረዲኣካ ኣለኹ ምልክት ገሊጹለይ።

"ናይዞም ህጻናት ፍሉይ ዝበለ ታሪኽ'ዩ። በቃ ኣሰንባደን ከተዕልሉ ዘይትኽእልን'ዩ። ብህጻውንቶም ዝዘብደሉን ዝ ዓለም ብምሉእ ልቦም ብሓጎስ ከየስተማቕርዋ ዕድል ገጹ ዝጠወየሎም'ን'ዩም" ብምባል ኣብ ዝንታ ተሸመ።

"ኣይተረድኣንን?" ዘረባኡ ምርዳእ ኣበዮኒ።

"እቲ ዕላል ነዊሕ ስለ ዝኾነ ንሱ ክሳብ ዝጻወቱ ንዓ ኣብዚ ኮፍ ንበል ከዕልለካ . ." መልሰይ ከይሰምዐ መሪሑኒ ተበገሰ። ብወገነይ ንዝጀመረለይ ዕላል ክሰምዖ ተሃንጥየ ብምንባረይ ብዘይ ተቓውሞ ኣሰሩ ሰዓብኩ።

"ከምቲ ዝበልኩኻ ክልቲኦም ቈልዑ ደቂ ሓፍተይ'የም። እታ ርዛ ሰሪ ገይራ ዘላ ጓል ሰማ ኤልዳና ኩይኑ፣ ጓል ዓሰርተ ዓመት'ያ። እቲ ወዲ ድማ ስሙ ሳሙኤል ኩይኑ፣ ምንኣሳ ወዲ ሸሞንተ ዓመት'ን'ዩ። ናይዞም ቈልዑ ዛንታ ኣዝዩ እዩ ዝገርመካ። መእሰሪ ክኸውካ ግና ካብ ፈለማ ከዕልለካ . ." ዘረባኡ ኩሊፋ ፍቻደይ ሓተተ።

"ጽገም የለን!" ሰንበት ብምንባሩን ኣነውን ክናፈስ ብማለ ኣብቲ ቦታ ብምንባረይ ቃልዓለም ከይገበርኩ ተቐቢልክዎ።

"ሓፍተይ ሳምራዊት ሃብተ'ያ ትብሃል። ንዓይ ምዕባይ ሓፍተይ'ያ። ዳርጋ ኣነ ብኽልተ ዓመት ይዓብያ። ኣቦና ንኽልቴና ምስ ወለደ ጌና ንኣሽቱ ከለና'ዩ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ። በዚ ምኽንያት ምስ ኣደይ ኣና ዓቢና። ኣደይ ልዕሊ ኑብሶ ንዓና ተፍቅርን ትሕብሕበን ብምንባራ ኣብ ሓደ ዓቢ ሆቴል ናይ ጽሬት ሰራሕተኛ ብምኻን ሰራሓ ዘዘርከበቶ ገንዘብ፣ ብቑጥታ ኣብ መዓኰና'ያ ተውዕሎ ነይራ። ኣደይ ብዘይ ምግናን ለዋህ'ያ ነይራ። ክዓና ከይቃየረት ንዓና ከተጽግብ ከይደቀሰት'ያ ትሓድር ነይራ። እዚ ካብ ዝዘክሮ ባህሪ ኣተዓብብያና'ዩ. . ." ናብቶም ዝጻወቱ ዝነበሩ ቈልዑ ቆላሕታ ብምጥባር ብዓይኑ ደጋዎም ገበረ።

"ደሰምዓካ ኣለኹ!" ዕላሉ ክቕጽለለይ ተሃወኽኩ።

"ዕድመና ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ንሳ ቀዳማ ትምህርቲ ብምጅማር፣ ካልኣይ ክፍሊ ምስ በጽሐት'ያ ኣነ ተኸቲለያ። ጌና ካብ ፈለማ ንትምህርቲ መሰረት ብምጥባር ኣትኪላ ስለ ዝሰዓበቶ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ጀሚራ ሽልማት ብምውሳድ'ያ ኣሃዱ ኢላ ተበገሰ። ከምዚ እናበለት ድማ ክሳብ ሓምሻይ ክፍሊ ብምብጽሕ ናይ መጀመርታ ትምህርታ ዛዚመት። ድሕሪ'ዚ ንኣደይ ክሕግዝ ኣሊ ብምባል፣ ናይ ንግሆ ትምህርቲ ናይ ምሸት ድማ ሶፍቲ ማስቲካ እናሸቀጠት ኣብ ምሕጋዝ ገዛና ጌና ካብ ህጻንነታ ተርአ ክትጻወት ጀመረት። ብሓጺሩ ኣምላኽ ምስ መንፍዓትካ'ዩ ዝፈጥረካ ዝበሃል ብሂል ኣብ ሳምራ ሓፍተይ ብዘየገድስ'የ ብዮብሪ ርእየ. . ." ኢዱ ኣጥሚሩ ዝን በለ።

"ኣብ ትምህርታ ኸ ከመይ ቀጸላ?" ካብ ሓሳቡ ንምምላስ ሕቶ ኣሰዕብኩሉ።

"እዚ ኹሉ ኣብ ትርፊ ግዚኣ እናሰርሐት፣ ኣብ ትምህርቲ ዋላ ሓንቲ ናይ ምድሕርሓር ምልክት ኣየርኣየትን - ከም ቀደማ'ያ ቀጸለ። ኣብዚ ከበ ደበዚቶ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ዳልል'ያ ትምሃር ነይራ። ክገርመካ ገዛና ድርፎ'ዩ ነይሩ። ካብ ኣስመራ ቁሩብ ምሕደግ ስለ ዝበለ ብእግርካ ኢኻ ትጎዓዝ። እዚ ንዓኣ ዝበደህ ኣይነበረን። ንትዕድልቲ ከም ጸጋ ወሲዳ ጸቡቕ ንምርካብ'ያ ትጽዕር ነይራ። ሰዓት ሸዱሽተ ተንስእ ናብ ትምህርቲ ትኸይድ። ፋዱስ ካብ ትምህርቲ ምስ ተፈደሰት ሰዓት ሓደ ናብ ገዛ ብምእታው ክሳብ ሰዓት ኣርባዕተ ተዕርፍ። ድሕሪ'ዚ ብቑጥታ ናብ ሸቐጥ'ያ ትወፍር። ሰዓት ሸውዓተ ምስ ኮነ ድማ ብቐጽሪ ሓደ ኣውቶቡስ ክሳብ ቤት ገርግሸ ትመጽእ። ድሕሪ'ዚ ናብ ገዛ ብምእታው ተደረራ ናብ መጽናዕቲ'ያ ተምርሕ ነይራ። ኩሉ ብመደብ ስለ እትገብሮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርታ'ውን ሽልማት እናዓተረት'ያ፣ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ንምቕጻል ናብ ቤት ትምህርቲ ኢሳቕ ተወልደመድህን ዘምርሐት። ሸቂጣ ብዘኣከበቶ ገንዘብ ብሽክሊታ ስለ ዝገዝኣት ኣብ መደብኣ ዝያዳ ቅልጥፍትን ሓያልን ኩይና። በቲ እናሸቀጠት በቲ ሓደ ገጽ ድማ እናተማህረት ንገዛና ለዊጣ ኑብሳ ክትልውጥ በቒዓ። ንኣደይ ከም ተዕርፍ'ያ ገይራ። ኣነ ድማ ናታ ብምኽታል ሸቐጥ ስለ ዝጀመርኩ እነ'ኹልካ ክሳብ ሕጂ ርእሰይ ክኢለ ይነብር ኣለኹ። ብሓጺሩ ሳምራዊት ሓፍተይ ንዓይ ሞዴል'ያ. . ." ብምባል ኑቶም ዘገሪፈናዮም ዝጸናሕና ህጻናት ደጊሙ ኣቓልቦ ሃበም።

"ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ዛዚማ ኣብ ማትሪክ 3.4 ወጽኢት ብምምዝጋብ ናይ ዲግሪ ትምህርታ ዘቐጽል መንገዲ ከፈታ። ኣብዚ ዝረሳዕኩልካ ሓደ ጉዳይ ግና ኣሎ. . ." ዓይኒ ዓይነይ ጠመተኒ።

"እንታይ'ዩ ንሱ?" እቲ ተረሰዐ ዝበሎ ነገር ክሕብረኒ ተወከስክዎ።

"ክገርመካ ዳርጋ ብዙሕ ምስ ሰብ ትለግብ ኣይነበረትን። ኣብ 11 ክፍሊ ምስ በጽሐት ግና ምስ ሓደ ክፍላይ ዝበሃል ኒጋዳይ ብተደጋጋሚ ክትቀርብ ደርኢያ ነይራ። ክፍላይ'ውን ልክዕ ከምኣ ጻዕራም'ዩ። ካብ ንእሽቶ ሓርኮትኮት ዝበለ ብምኻኑ ኣቦኡ ብዘበርሉ ደገፍ ናቱ ደኳን ብምኽፋት ወትሩ ኣብ ሓኸትኮት ዝርከብ መንእሰይ'ዩ። ሳምሩ ሓፍተይ ሶፍትን ማስቲካን ዝሸየጥ ክትገዝእ ከሉ ካብኡ'ያ ትገዝእ ነይራ። እቲ ነዊሕ ዓመታት ዝሸደ ናይ ዓሚልን ሽያጣይን ርክብ ሰር ሰዲዱ ነዊሕ ዓመታት ምስ ምቑጻሩ ናብ ፍቕሪ ሰጊሩ። በዚ ምኽንያት ኣብ 11 ክፍሊ ምስ በጽሐት ምስ ክፍላይ ጥቡቕ ርክብ ጀሚራ። ክሳብ መኪና ገይሩ ገዛ ሐዚዋ ክመጽእ ጀሚሩ። ክዋ ብፍቕሪ ምቅርራብ ርክቦም ናብ ካልእ ዝኣንፈት ኣይነበረን። ቁሩብ ግን ናይ ክፍላይ ጽገም ነይሩ። ብመደብ ደኣ ይኹን እምበር ቀዳም ቀዳም ናይ ምሸት ኣልኮላዊ መስተ ከየስተየ ዝሓለፈ እዋን ዘላ ኩይና ኣይትሰምዓንን። እቲ ርክብ ኣብ ግዚኡ ሓፍተይ ስለ ዝነበረቶ ደፈልጦ ነይረ'የ. . ." ብምባል ረሲዕዎ ዝነበረ ሬዚን ነጥቢ ኣዕለለኒ።

"ናይ ዲግሪ ነጥቢ ምስ ኣምጽአት ኸ?" ናብ ትምህርታዊ መዳይ መለስክዎ።

"ክልተ ዓመት ኣብ ኮሌጅ ማይ ነፍሒ ተማሂራ። ድሕሪ'ዚ ግና ንኽፍላይ'ውን ይዛለዋ ኣለኹ ዝበል ሓሳብ ክወራ ብምጅማሩ፣ ብወግዒ ተመርዕያ ሓዳር ገይራ። እቲ ዝነበርም ግና ዋላ ሓዳር ገይራ ኸላ ትምህርቲ ኣየቋረጸትን። መሊሳ ክልተ ዓመት ተማሂራ ብዲግሪ ተመረቓ፣ እቲ ዝያዳ ዘኾርዓካ ናይ ሳምሩ ግና ኣብታ ራብዓይ ዓመት ትመሃረላ ዝነበረት እዋን ጥንስቲ ኾይ'ያ ትምህርታ ትከታተል ነይራ። ኣብ መመረቕታኣ መዓልቲ ከይትሓርስ ኢኻ ትፈርሕ። እዛ ርዛ ሰሪ ገይራ ክትጻወት ትርእያ ዘለኻ ኤልዳና ትብሃል ጓል ድማ ቦኽራ'ያ። ድሕሪ ሕርሳ ብቑጥታ ናብ ስራሕ ዓለም ብምእታው፣ ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትሪን ተመዲባ ክትሰርሕ'ያ ጀሚራ። ቀዳመ ሰንበት ድማ ኑታ ናይ በዓል ቤታ ትካል ኣብ ምዕባይ ትሰርሕ። ምሸት ገዛ እትው ኢላ ከየዕረፈት'ያ ናብ ስራሕ ገዛ ትኣትው። በዓል ቤታ ክፍላይ ኣዝዩ ለባምን ለዋህን ብምኻኑ፣ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ኣብ ጎድና ኣሎ። በቲ መንግስታዊ ስራሕ፣ በቲ ካልኣይ ገጽ ድማ ናይ ገዛ ስራሕ እናዓመመት ኣብ ካልኣይ ዓመታ ንሳሙኤል ወሊዳ። ካልኣይ ድሕሪ ምውላዳ ምስ ስራሕ ከይትጸገም ብምባል ንዓይን ንኣደይን ካብ ዓዲ ኣምጺኣ ምስኣ ከምእንቕመጥ፣ ኣደይ ድማ ፍቕሪ ደቂ ጓላ ከም እተስተማቕርን ብምጥባር ዝያዳ ክብሪ ሃበታ። ትካሎም ዝያዳ ዓብያን ሰፊሓን እቶቶም ነየቢ ጀሚሩ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ስራሕ መንግስቲ ተፋንያ ትካላ ኣብ ምዕባይ ጥራይ ኣድሂባ። ካብ ህጻና ኣብ ሸቐጥ ስለ ዝጠፈት፣ ብርኽት ዝበሉ ዓማዊል ኣብ ምጥራይ ሰሪሓ'ያ። ብሰንኪ ናይ ክልቲኦም መንፍዓት ድማ፣ ካብ ማእከላይ መሰብሮ ዳርጋ ናብ ሃብታማት'የም ተቐይሮም። ክፍላይ ብደገ ደገ ሰርሓት የምጽእ፣ ንሳ ድማ ኑታ ደኳን ተዕብዩ። ናይ ብሓቂ'የም ዘቐንኡኺ . ። ኣብ ከምዚ ዕወት ጉዕዞ እንኽለዉ'ዩ ድማ ዝሓለፈ ዓመት ከበድ መሰናኽል ዘጋጠሞ. . ." ደስ ኢልዎ ከዕልለኒ ከምዝይደጸንሐ፣ ገጹ ኣጸልሚቱ ንብዓት ቋጸረ።

"ዝሓለፈ ዓመት'ዩ ... ወርሒ መጋቢት ከም ዝነበረ ጸቡቕ ገይረ እዝክሮ። ሓደ ዓርቢ ንዓይ ጸዊያም ንኽልተ መዓልቲ ባጽዕ ክዘውሩ ክኸዱ ምኻኖም ብምሕባር ዱኳንክሕልወሎም ተማሕጺኖም፣ ንኽልተ ደቆም ምስ ኣደይ ገዲፎም ይኸዱ. . ። እንድዒ ወደይ!" ንብዓት ሰዓረ። ብወገነይ ኣብ ምትህድዳኡ ኣተኹ። ንኽረግእ ድማ ነዊሕ ግዜ ወሰደ።

"ሕራይ ቀጽል!" ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ምርግጋእ ክቕጽለለይ መንገዲ ኣርሓኹሉ።

"ዓርቢ ንባጽዕ ወሪዶም ምስ ተዛወሩ፣ ቀዳም ኣብ ገርገሱም ናይ ንግሆ ከምዝዘበሩ ደዊሎም ነጊሮሙኒ ነይሮም። ሰንበት ግና. . ." ሕጂ'ውን ሕንቕንቕ በለ።

"ሰንበት ንግሆ ግና ሓደጋ መኪና ከምዝገጠመሞን ክልቲኦም ከምዝዮረፉን ተሓበርና። እቲ ጠንቂ ቀዳም ምሸት ክፍላይ መስተ ክሰቲ ስለ ዘምሰየ'ሞ፣ ብኣልኮል ተሰኺሩ ከሎ መኪና ብምምርሑ'ዩ። ክገርመካ ሓደጋ መኪና ዘይሃሰሰ በሰላ'ዩ ዘለዎ። ድሮ ካብ ዝሞቱ ሓደ ዓመት'ኳ እንተገበሩ፣ እዞም ክልተ ደቆም ግና ክሳብ ሕጂ ፈዚዞም ኣለው። ንሶም ዘኽቲሞም፣ መጻኢ መደባትን ተስፋን ሳምሩ ሓፍተይን ክፍላይን ተደምሲሱ። ሎሚ ኩሉ የለን. . ." ምስ ንብዓቱ ተጋደለ።

"እዞም ህጻናት ካብ ሕጂ ዘኽቲሞም፣ ብዓበኡ ክልቲኦም ሰብ ሓዳር ኣብ ንእሰቶም ተቐጺዮም፣ ብሰንኪ ሸለልትነትን መስተን ድማ እቲ ካልእ ጥፍኣት ሰር ሰዲዱ ንእሰቶት ወሲዱ ዘኽትምና ፈጢሩ. . ." ምዝራብ ዝጸልኦ እንክመስል ሰቕ በለ። ብወገነይ በቲ ዘሕዝን ኩነታት ብምስትንታኑ፣ ዘይምጥንቃቕ ዝምጽኦ ሳዕቤን ክፈትሕ ተጋደልኩ። ክብደቱ ድማ ምምላሱ ኣሸገረኒ። ሓደጋ ብርግጽ "እቲ ካልእ ጥፍኣት" ምኻኑ ደምደምኩ። ሩፍታ ዘርጉ ዘልኣለማዊ ጥፍኣት ስለ ዘኽትል፣ መጻኢኻ ኣጸልሚቱ ውጥንካ ስለ ዘበላሽዉ።

## ቃል ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኤርትራ (ሃማወለደኤ)

ዓመት መጸ 14 ሰነ - ዓለማዊ መዓልቲ ለገስቲ ደም ብምኻን ተዘኪራ ትውዕል። ሎሚ ዓመት 2018 ድማ - ብደረጃ ሃገርና ንመበል 15 ግዜኡ፣ "ልግሲ ደም ናይ ምትሕግጋዝ ተግባር ኢዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ትዝከር ኣላ።

ሰነ 14፣ መዓልቲ ለገስቲ ደም ክትከውን ዝተመረጸትሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ እቲ ዓይነት ደም ብጠቡጂለኡ ክፈሊ ዝኸኣለ ሊቀ ኣስትሪያዊ ሳይንቲስት ዶክተር ካርል ላንደስተይነር፣ ዕለተ ልደቱ ንምዝኽኻርን ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ዝበርከቶ ሞያ ንምኽባርን ኢዩ።

ዛጊት ዘመናዊ ፍልጠት ደቂ ሰባት ደም ክሰንዕ ኣይተኻእለን። ኣብ'ዚ ምዕቡል እዋን፣ ኣገልግሎት ጥዕና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተራቐቐ ዝስጉመሉ ዘሎ እዋን፣ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ዝጋጥሙ መድመይቲ ካብ ደቂ ሰባት ደም ብምእካብ ንግዳያት ምትካእ እቲ እንኮ ሜላ ድሕነት ምኻኑ ኣይሰሓትን።

ስለ ዝኾነ ድማ ኢዩ ሚኒስትሪ ጥዕና፣ ብመንገዲ ማእከላት ጥዕናኡ ኣቢሉ ምስ ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኤርትራ ብምትሕብባር፣ "ብዝተኻእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ምድሓን" ብዝይብሃራት ዕዮኡ ዘሰላስል ዘሎ። ስለ'ዚ ጸንዕ መብጽዓ ትካላት ጥዕና ሃገርና ብዘርጋሐን ዕቦትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናደንፈዐ ንሓያለይ ቀተልቲ ዝነበሩ ሕማማት ነበረያ ነበረ እናኾኑ ማስተርሃ ዜጋታት ዝዓቢ ዘሎ።

ማዕረ ማዕረ እዚ፣ ቀረብ ኣገልግሎት ጥዕና ንምውሓስ መንግስቲ ብዕቱብ ካብ ዝጸለ እዋን፣ እቲ ብዘይካ ካብ ደቂ ሰብ ጥራይ ክልገስ ዘለዎ እኹልን ውሑስን ደም፣ ኣብ ማእከላት ጥዕና ክህሉ እጃም ናይ ነፍሲ-ወከፍ ግዱሳን ሓላፍነታውን ዜጋ ግቡእ ምኻኑ ምዝኽኻር ኣገዳሲ ኢዩ።

ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኤርትራ (ሃማወለደኤ)፣ ንኹሎም ወፋያት ዜጋታት ብምትሕብባር ጠለብ ትካላት ጥዕና ብመጠን ዝደልይዎ ብዝሒ ኣብ ግዚኡ ውሑስን እኹልን ደም ንክህሉ ይጽዕት ኣሎ።

ሃማወለደኤ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብምዕባይ ዜጋታት ደም ክልግሱ ኣብ ዝሕተቱሉ ወይ'ውን ናብ መለገሲ ደም (ባንክ ደም) ብምኻድ ድሌቶም ብመን ሕራይ መጺኦም ደሞም ንወጹዓት ክልግሱ የተባብዕ።

ኣቱም ብሰናይን ቅዱስን መንፈስ ተደሪኽኩም ደምኩም ብምልጋስ ንወጹዓት ካብ ከበድ ሓልክታት ጥዕናን ሞትን ዘድሓንኩም ዜጋታት፣ ስለ'ቲ ምቕሉልን ፈቓር ሓልዮትኩምን ብደምኩም ህይወት ካልኦት ኣድሒንኩም ኢኹም እሞ፣ ዓቢ ለውሃትኩምን ጺጋኹምን ሞሳ ከይተጸበኹም ንዝፈጸምኩሞ ሞያ፣ ብስም ማሕበርና (ሃማወለደኤ) ምስጋና ይብጻሕኩም።

ካልኦት'ውን ኣሰር ናይ እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ሕቡናት ዜጋታት ብምስዓብ፣ ነፍሲ-ወከፍ እጃሙ ክልዕል ሃማወለደኤ ይጽውዕ።

ብዘይካ እዚ ማሕበርና፣ ክሳብ እቲ ዝርሓቐ ጫፍ ሃገር ተዘርጊሑ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ንቕሓቱ ንምዕባይን ውዳበታት ንምሕያል ብኣካላት መንግስቲን ጨናፍር ማሕበርን (ሃማወለደኤ) ይሰርሓሉ ኣሎ። ምስ ኩሉ ሕጽረታት፣ ንድሕነት ዜጋታት ተወፊኻ ምዕያይ ስልጡን ባህሊ ምኻኑ፣ ማስከሩሊይ ዘየድልዮ ሓቂ ኢዩ። ዛጊት ተዓምሪሙ ብዘሎ ከይተዛሕፈ፣ ናብ ዝልዓለ ደረጃ ክንዓቢ መዘኻኸሪ ዘየድልዮ ርዱእ ተግባር ምኻኑ እውን ኣይሰሓትን።

ኣብ መወዳእታ ሃማወለደኤ ንኹሎም መሻርኽቲ እናኣመስገነ፣ ብፍላይ ድማ ብምኽንያት ዓለማዊ መዓልቲ ለገስቲ ደም ንኹሎም ለገስቲ ደም የቐና ብደምኩም ህይወት ሓያለይ ኣድሒንኩም ኢኹም እሞ ተሓበኑ፣ ስለ'ቲ ዕዙዝ ኣበርክቶኹም ድማ ምስጋና ይብጻሕኩም ይብል።

ብዝተኻእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ነድሕን

ሃማወለደኤ - 14 ሰነ 2018።

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኣብርሃም ዘርአ

## ጥበብ ኣይተ ወልደድንግል ገድሉ

ኣብ ሕብረተሰብና ካብ ኣፍ ናብ ኣፍ፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክወራረሱን ክሰጋገሩን ዝጸንሑ ብርክት ዝበሉ ክብርታት ኣለዉ። እዞም ከምዚ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎም ኣካል ስነ-ጥበብ ድማ፡ ኣፋዊ ያታ ተባሂሎም ይጽውዑ። እዞም ጥበባት እዚኣቶም ኣብ ሕብረተሰብና ካብ መዋእላት ኣትሒዞም ኣብ ኣእምሮኡ ተቐሪጾም ዝጸንሑ እዮም። ከይተቐርመሙ ከይተሸርመሙ ድማ፡ ከም ዘለዎ ናብ'ቲ ዝቕጽል ወለዶታት ብዝባህለን ጽውዓን መቐረቶም ከይለወጡ፡ ከም ዘለውዎ ይመሓላለፉ ኣለዉ። ዛንታ ትሕዝቶኦም ድማ፡ ናብ መጻኢ ተዓቂቡ ከም ዝመሓላለፍ ይኽውን። ሓደ ካብዚኦም ንጠቕሶም ዘለና ጥበባት ከኣ ማሽን ወኖን እዮም። እስከ ነዚ ዘልዓልናዮ ሓሳብ ዘራጉድ ሓንቲ ካብ'ተን ክሳብ ሎሚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣእምሮ ሰባት ተወሪቐን ዝርከባ ወዮታት ኣቶ ወልደድንግል ገድሉ ክንጠቕስ፡ በዓል ማስሓል ወደ-ክለ ንእሰ ዞባ ሰንዓፈ ዝኾኑ ኣይተ ወልደድንግል፡ ካብ'ተን ኣብ 18 ክፍለ ዘመን ዝነበሩወን ስሙያት ወዮታት፡ ሎሚ ነታ ንሓደ ፍሉጥ በዓል ስልጣን (ጭቃ ዓዲ) ዝነበረ ወዲ ዓደም ፡ ምስ ሓዉ ንዘኩብሮ ናይ ስልጣን ህልኽን ቁርቁስን ኣመልኪቶም ምስ ሞተ "እምባ" እናበሉ ካብ ዝነበሩሉ ወዮ ቀጺልና ንርአ።

ወዮ! ወዮ! ወዮ!
እምባ'ዶ ክበለካ እምባ ሳይም
ዝጠን ሰብኣይ ጾግእካ ትኣይም
ኩርሂዒት ትህበም ከም ሓያይም።
እምባ ዶ ክበለካ እምባ ናይ ሰንዓፈ
ካብ መሓዙቱ ዝይተረፈ።
እምባ ዶ ክበለካ እምባ ናይ ታሪኻ
ክንቅ ዝሓድር ኣንበሳ በረኻ።
እምባዶ ክበለካ ናይ ምሪራ
ኣርዑት ሓጺን መጽረይ ፍረራ
ለይቲ ዝሓስብ ቀትሪ ዘተግብራ።
እምባዶ ክበለካ ናይ ከሸዓት
ብሕቖኦም ትሕዞም ከም መንደዓት
ጠቕሊልካ ትኸልሶም ከም ገዓት።
እምባዶ ክበለካ እምባ ቤት ሸማዕቲ
ጥዑም ቃና ከም ስርሒል ለይቲ።
እምባዶ ክበለካ እምባ ዱልኽ
ሞይትካዶ ተወዲኡ ህልኽ።
እምባ'ዶ ክበለካ እምባ ዘርኢ ሞሲ
ሰይጣን ቀላይ ራዛ ዘዋናሕሲ።
እምባዶ ክበለካ እምባ ጉረረ
ብእገሞም ዝሕዞም ከየንፈረ ።
ኣንቱም ዓድና ትብሉ ነይርኩም በርትዕና
ዝኸእል እንተለዎ ሕጂ ይፈትና
እንተተኻኢሉስ ሕጂ ሂና።

ብምባል፡ ወዮኦም ኣብ ቅድሚ እቲ ሆጭ ዝበለ ህዝቢ ከም ዘይምደሙ ይዝከር።

## መቑሸሸ ሓሙስ

ክልተ ኣዕሩኽ ኣብ ሓደ ኻቦ ኮይኖም የዕልሉ ነይሮም
በርሀ፡ ስማዕንዶ ኩሓተካ ወዲ ጥሻይ ዓርከይ ካብ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ኣትሒዘ ቀጺሊ ብዙሕ ዕድሜኻ ኩሓተካ ከለኹሉ ክሳብ ሕጂ ሳላሳ'ዩ ዓመተይ እናበልካ ኢኻ ትምልስ ስለምንታይ?
ወዲ ጥሻይ፡ ስማዕ በርሀ ኣነ ሰብኣይ'የ ሎሚ ይኹን ጽባሕ መልሓሰይ ኣይዓጽፍን'የ" በሎ።

# ሓይሊ ምስላ

ምስላ፡ ንሓደ ዘረባ ብሓጺር ንምግላጽ ወይ ንምርዳእ እንጥቀመሉ ካብ ነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ጥበብ ሕብረተሰብት እዩ። ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ብዝዋገድስ፡ ኣብ ተራ ዕላልን ኣብ ዝተኣከበ ህዝቢ ብሓጺር ንምርዳእ ዝዘረብ ኣሳሪ ወይ ገላጺ ዘረባ'ዩ። ንእተልዕሎ ዛዕባ ኣርእስቲ (ነጥቢ) ንምህራም ድማ፡ ምስላታት ትጥቀም። ነቲ ዘልዓልካዮ ኣርእስቲ ኣእማኒ ክትገብር፡ ካብ ኈጐ ትብል ብዘሓጸረ መንገዲ ወይ ጥበብ ምስላ ክትጥቀም ትኽእል ማለት'ዩ። ኣብ ከምዚ እዋናት ንኽትብሎ'ን ከተመሓላልፎ'ን ዝሓሰብካ ነገራት፡ ኣብ ናይ ቋሕ ሰም ግዜ እንተኾነ'ውን መልእኽትኻ ብዋዕላ ከተመሓላልፎን ግዜኻ ንምውዓብን ይጠቅም። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ዕመር ኣኼባ ክኸታዕ ዝወዓለ ህዝቢ ኣብ ሓደ መዕለቢ ምስ ዘይበጽሕን ምስ ዘይሰማምዕን፡ ብሓጺር ዘረባ መልእኽቱ ንምትሕልላፍ ምስላታት ክጥቀሙ ይኽእሉ። ንኣብነት እቶም ሓደ ጉጅለ ወይ ዓዲ ካብ ኮፍ ዝበልዎ እናተንስኡ ንኣሕዋቶምን መማጽእቶምን ንምርዳእ፡

- ዓሻስ ክሳብ ገቦ ዘውዳእ ይጻወት።
- ኣብ ዘይሰምዓካ ደብሪ ኣይትማህለል።

"ኣቱም ደቂ እንታይ ሰርሑ ኢና ንሰርሕ ዘለና "ንምባል፡ ከምዚ ዝተጠቕሰ ዓይነት ክሳድ ዘረባ ክበትኩ ይኽእሉ። ብኣንጻሩ እቶም ሓደ ካብኡ ናይ ኣይሕለፍ ፡ ከም'ቲ ቀደም ውኻርያ ገይራቶ ዝበሃል ወረ፡ ዘይመጻጽ'ዩ ዓይነት "ኪዱ ድኣ ኪዱ ኣብይ ከይትበጽሑ ኢኹም" ንምባል ከምዚ ዝስዕብ ምስላ ክጥቀሙ ይኽእሉ።

- ወዮ ዘይጽብቐ ስኢ እንጣጠዕ ቁሒማ ትሰሕቐ።
- ወዮ ፈትዮያስ ጨው ደልዩሉ።
- ፈኸራ ጥጥቓስ ካብ ቁራዕ ክሳብ ዝወጽእ።
- እዛ ዳዋስ ተምጽኦ ኣለዋ።

ብኣጣቓላሊ ክርአ እንከሎ ግን፡ መብዛሕትኡ እዋን ምስላ፡ ካብ ምሩጻት ቃላት ክትደሊ ወይ ድማ ብዙሑሕ ዘረባ ኮሉል እናበልካ ተባላሹ ብዘቐለለ ኣገባብ ሓሳብካ ከተመሓላልፍ የኽእል። ብኻልእ ወገን'ውን ጸቡቕ ዝተገብረሉ ሰብ፡ ኮነ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ሰባት ጌጋ ፈጺሙ ተመሊሱ ይቕሬታ ናይ ምሕታት ኣመል ምስ ዘህልዎ፡ በዚ ጥበብ'ዚ ክትገንሖ ትኽእል።

- ዝኣኽለን ጥሒሃንስ ባእሎማርያም ይብላ።
- ኣብ ክንዲ ዘኸሰኩ ኢደይ ተኸሸኩ።

ብምባል፡ ንዝሓሰበካዮ ትርጉም ኣንፈት ቃላትካ ናብ'ቲ ትዛረቦ ዘለኻ ኣካል ከተቕንዕ ትኽእል። እዚ ማለት ከኣ ትሕዝቶ ኩናት ኣጻዋር መልእኽቲ ዘንቀልካዮ መልሲ ብሓጺርን ገላጽን ከተመሓላልፍ ትኽእል።

ብኻልእ መዳይ ኣብ ገለ እዋናት፡ ክትብጽሖ ንዘይደለኻ ነገራት ወይ ኣብ ዝዋገር ርክባት ብዙሕ ግዜ ዘወሰደን ንሓደ ዘረባ ተማጕቲ ርእይቶን ሓሳባትን ከይደገምካ ዝወዓለ ምስ ዝኾነውን፡ ካብ ምግንፋል ስምዒት ናይ'ቲ እኩብ ህዝቢ ዝተሳዕለ ከምዚ ክብሉ ይኽእሉ።

- ካብ ጉይይ ምውዓል ክሳድ ምሓዝ።
- ድሕሪ ሰለፋስ እንታይ ተረፉ።
- ድሕሪ ለበምስ ኣይትመደር።

ብምባል ንርድኢት እቲ ዝተኣከበ ህዝቢ ሓሳባቶም ንምድራዕን ንምርዳእን ኩሎም ኣብ ዝዘርብ ሓደ ነጥቢ ሸንኮለል ይብሉ ከምዝለዉ ንምርዳእ፡ በብእብረ እናተንስኡ ብምስላ ክረድእን ክምልሱን ይኽእሉ። ብተወሳኺ'ውን ንሓደ ኣብ ዘይከውንን ፍረ-ጻማ ዘይብሉን ነገራት፡ ሓይሉን ጉልበቱን ጸዓቱን ኣኽቲቱ ክንቱ ድኻም ጥራይ ኮይኑ ንዘተረፈ ሰብ ፡

- ዚ ክትግዕታ'ዶ ትርህጽ።
- ኣብዚይ ሕማምካ ረሲዑ።

ብምባል ብሓጺርን ጥውይዋይ ዘይብሉን ትኽ ዝበለ ዘረባ መልእኽትኻ ከተማሓላልፍ ትኽእል። ዘልዓልናዮ ነጥቢ ንምርጓድ እምበኣር፡ ኣንፈ ሓይሊ ምስላታት ብቐሊሉ ዝግለጽ ኣይኮነን። ብፍላይ ኣቦታትና ካብ ነዊሕ ዘመናት ኣትሒዞም ንኽብልዎ ዝሓሰቡ ጉዳያት፡ ዛዕባታቶም ዋላ ኣብ ቅድሚ ባዕዳውያን ደምብርጽ ከይበሉም ደው ኢሎም ብልቦና ጥበብ ማለት፡ ብምስላ ገይሮም ዝተማጎቱሉ እዋናት ውሑድ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ሓይሊ ዘረባ ኣቦታትና" ንለበም ኣምተሉ ንዓሻ'ኸ ደርጉሓሉ እቲ ሓደ ክንደየናይ ከይሰሓቶ እቲ ሓደ ከኣ ክንደየናይ ከይፈልጦ" ስለዝኾነ። ገለ ከም ኣብነት ንምጥቃስ እምበኣር፡

- ርሑቕ ከይዱ ዝምርያ ሓደው ክታሉል ሓደው ከታልል።
- ሕጦርስ ባሕሪ ከይዳ መጺኣት።
- ዝበእስ ኣብ ዘይፈልጦ ዓዲ ከይዱ ማእሲ ኣንጽፉለይ በሉ።
- ነገር ድልየልየ በትሪ ሃሰወሰው።

ብኻልእ ወገን ኣብ ካልእ ኢጋጥሚታት ኑዮም ብጠርሀም ወይ ይግበር ኣሎ ኢሎም ካልኣት ዘዘገበርዎ ደድሕሪኦም እናኸዱ ዝደግሙን ዝጣቐዑን ሰባት ንምርዳእ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ብልሓት ብምስላ ኣንፈት ዘረብኦም ናበይ ገጹ ምዃኑ ኣይስሓቱን።

- ኣቦታይስ ካብ ጸሀበን ዝዕንድራ ይዕንድራ ኣለዋ ኢለን ዝዕንድራ ይበዝሓ።

ብምባል ክምስለሎም ይኽእል። ብተወሳኺ ኣብ ገለ እዋናት'ውን ስራሕ ስኢኑ ንሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ክተግብሮ ንዝርአ ሰብ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ክምስሉ ይኽእል።

- ስራሕ ዝሰኣነ ፈላሲ ቆብዑ ቀዲዱ ይሰፊ።

ብምባል፡ ንሰሪ ትህኪቱ ክግለጽ ይክኣል። ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጥሚታት ምስሉይ ባህሪ ሐዚም ዝንዓዙ ሰባት፡ ማለት መታለሊ እንክሎ ጥዑይ፡ ጨካን እንክሎ ርህሩህ፡ ሃገራም እንክሎ ትዕግስተኛ. . . ወዘተ ማስሉ ንዘቖርብ ሰብ

- ውኻርያስ ጻድቕ ክትመስል ዝቡበዕ ትኣስር ።

እናተባህለ ክምስለሉ ይክኣል።

ብሓፈሻ ግን፡ ምስላታት ሰባት ንዝሓሰብዎ ነገራት ብቖጣብን ብዘፈኸሰን መንገዲ ወይ ኣገባብ ንምግላጽ፡ ዝጥቀምሉ ናይ ኣዛራርባ ክእለትን ጥበበን'ዩ። ክብራት ኣንበብቲ ዘልዓልናዮ ቀንዲ ነጥቢ ብዛዕባ ሓይሊ ጥበበን ትርጉም ምስላታትን ንምርዳእ'ኳ እንተኾነ፡ ብተወሳኺ ምስላታት ኣብ ሓይሊ ስነ-ጥበብም ማዕረ ክንደይ ሓያላትን ገለጽትን ምዃኖም ዘርኢ ትዕዝብቲ እዩ። እዚ ድማ፡ ገለኦም ምስላታትና ብዮፓጥማዊ መልክዕ ዝተደርሱን ዝተነድቁን ምዃኖም፡ ንምርዳእ እኹል ይመስለኒ። እስከ ንገለ ካብኦ'ም ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና እነዘውትሮም'ሞ፡ ብዙሕ ግዜ ዘይንስተብህለሎም ግጥማዊ መልክዕን ቅርጽን ዘለዎም ምስላታትና ንርአ።

- ሓደ ዕንጸይቲ ኣየንድድ፡ ሓደ ምስክር ኣየፍርድ።
- ብሕማቕ ጓሳ ላም ትውቃዕ፡ ብሕማቕ ዳኛ ቅሉዕ ይርታዕ።
- ሰብኣይ ቅብጥር፡ እንተሓዝዮ ይነጥር።
- ደሰ ክበሎ ልቡ ጽብሓላ ዱቡ።
- ኣብ መርዓ ጓሉ፡ ቀላቕል መዓሉ።
- ሽመት ዝሰመደሰ ሩባ ወሪዱ ንሽኽን ጸንሓ፡ ንሽኽን ከኣ ቅድሓ ይብል።
- እንተጸናሓና ዓመት፡ እንተበልዓና ዓልመት በሉት ላም።
- ንኹብድኻ ሓምሊ ምልኣዮ ዝጠንካ'ኸ ወይቦ ኣይርኣዮ።
- ሰኣን ሕራይ ኣጥፋእክዎ ብዕራይ በሉት ፍትሕቲ።
- ዓተር ዝበልዐት ከብዱ፡ ቀድያ ነይትቐዱ።
- ቃርማ ንኹብዱ፡ ሓርማዝ ንኹብዱ ሓብርም ማይ ይወርዱ።
- ንመሻላ ተጻሂኺ በሉ፡ ንጓል ተሓጺኺ በላ እቲ ምንታይ ደሰ ክበሎ።
- ማይ ክትግልል ግበር ገመድ፡ ዘረባ ክትለምድ እዚ ልመድ።
- ሰማይ ኣይሕረስ፡ ኃሥግ ኣይኩልሰስ ወላዲ ኣይኽሰስ።
- ድሕሪ ደርሆ ኑቆ የለን ለይቲ፡ ድሕሪ ደብሪ ታቦር የለን ክረምቲ።
- ድሕሪ ማርያ ዛርያ።
- ኣብ መርዓ ዘይተረኽበስ ኣብ ኣርባዕ።
- ንርስቲ ይዋግኣላ ኣንስቲ።
- ሓተላ የካቲት ኣጠንቅቃ ንጸማቑት ንሰንካቲት።
- ለበም ተወከሱ ባላ ተመርከሱ።
- ሰብ ብዩታ፡ እኽሊ ብጠቢታ።
- ንዘኮብረልካ ወይ ንገረሉ ወይ ግበረሉ።
- ኩቱ እንታይ ይፈቱ ዘይ'ታ ናቱ።
- ጥዑም ዘረባ ንሰማዒ፡ ሓንካስ ኣደጊ ንዘራዊ። ወዘተ ንምጥቃስ ይክኣል።

ዳህላክ ነጋሲ

# መመረቕታ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር

ትምህርቲ ንምዕባለን ስልጣነን ደቂ-ሰቡ፡ መተካእታ ዘይብሉ ኣገዳሲ ረቛሒ'ዩ። ብዘይ ትምህርቲ፡ ኩሉ ሰብኣውን ተፈጥራውን ሃብቲ በረሲ እዩ። ዓለም ብሳላ ትምህርቲ፡ ዝለናዮ ዘመነ ቴክኖሎጅን ሓበሬታን ክትበጽሖ ክኢላ ኣላ። ኣብ'ቲ ጽላት ብቐጻሊ ፍሉይ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ንዚያዳ ርኽበታትን ምዕባለን ዓበይቲ ወፍርታት ይካየድ። እቲ ምንታይ፥ ብትምህርቲ ዘይተሃንጹ ዜጋን ሃገርን ግዳይ ናይ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ ... ጸገማት ይኾኑ። ስለዚ፡ ቀጻልነትን ውሕስነትን ሃገር ንምርግጋጽ፡

ተማሃሪት ፍርቱና ተስፋገርጊስ

ፍልጠት እቲ እንኮ መሳርሒ እዩ።

እዚ ዘለናዮ ቅንያት፡ ኩለን ዓበይትን ንኣሽቱን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ምዝዛም ዓመተ ትምህርቲ ይርከባ። ተማሃሮ ፍረ ጻዕርም ዝለፍሱሉ ወቕቲ ስለ ዝኾነ እዋን ፈስታን ሓጎስን እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ብክልሰ-ሓሳብን ተግባርን ንክልተ ዓመት፡ ክስልጥኑ ዝጸንሑ ተማሃሮ ብ12 ሰ

ተማሃራይ ረሓሲ ገብረሂወት

ተመረቖም። እቶም ተማሃሮ ብንድፊ፡ ሓፈሻዊ ስርሓት ሓጺን፡ ኤለክትርሲቲ፡ ኣውቶመካኒክ፡ ድሮውሊክ፡ ህንጻ፡ ኤለክትሮኒክስ፡ ጽርበት ዕንጸይትን ቅያሳን፡ ብትሸዓተ ዓውደ-ትምህርቲ ኣካዳምያውን ሞያውን ስልጠና ክቐስሙ ጸኒሖም። እታ ቤት ትምህርቲ፡ ከም መቐጸልታ መንእሰያት ተማሃሮ ብፍልጠት ብምምልማል ኣብ ሃገራዊ ወፍሪ እጃሞም ንኸበርክቱ ተካይዶ ጻዕሪ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ኣርበዓን ሸድሽተን ደቀንስትዮ ዝርከባኦም፡ ሚእትን ሰብዓን ትሸዓተን ተማሃሮ ኣመረቓ።

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ካብ ትምስረት ኣትሒዛ ኣብ 19 ዙርያታት ኣስታት 4,166 ተማሃሮ፡ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ኣመረቓ። ኣብዛ ቤት ትምህርቲ፡ ፍልጠት ዝሰነቑ ተማሃሮ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ትካል ተዋፊሮም ይሰርሑ ከም ዘለዉ ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ኣቶ ውሃብ መሓመድ ዓሊ ሓቢሩ። እቶም ብትሸዓተ ዓውደ-ትምህርቲ ክስልጥኑ ዝጸንሑ ተማሃሮ፡ ካብኦ'ቶም 21 ብኣውቶ መካኒክ፡ 18 ብህንጻ፡ 19 ብንድፊ፡ 20 ብኤለክትርስቲ፡ 18 ብድሮውሊክ፡ 21 ብሓፈሻዊ ስርሓት ሓጺን፡ 20 ብኤለክትሮኒክስ፡ 21 ብቅያሳን ብተመሳሳሊ ቁጽሪ'ውን ብጽርበት ዕንጸይትን ትምህርቶም ከም ዝዛዘሙ ኣብሪሁ።

መንእሰያት ተማሃሮ፡ ብዘቐሰምዎ ፍልጠት ከይተዛረዩ፡ ንዘለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክጽዕሩን ብፍኑይ ምስ ዝወናጨፍ ዘሎ ምዕባለ ዓለም ክቀዳደሙን ከም ዘለዎም ኣቶ ውሃብ ኣዘኻኺሩ። ብተወሳኺ'ውን፡ ብልዑል ወጻኢታት ንዘምሃሮም መንግስትን ህዝብን፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊሮም ጻማ ዘይሕለል ጻዕሮም ክኸፍሉ ተላቢዩ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንመምህራንን ተማሃሮን 'እንቋዕ ሓጎሰኩም' ብምባል፡ ደስታኡ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ጀነራል ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን፡ ኣቶ ተስፋይ ሰዩም ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት ተረኺቡ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መንግስቲ ኤርትራ ድልዱል ስረት ዘለዎ ሃገራዊ ቁጠባ ሕመረቱ ምሁርን ስልጡንን ዓያይ ጉልበት ምዃኑ ብምግንዛብ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ከቢድ ወጻኢታት ከም ዝገብር ሓቢሩ። ውሕስነት መጻኢ ንምርግጋጽን ንምህናጽ ሃገራዊ ቁጠባን ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ብውሕሉል ኣገባብ ክዕየ እንተ ኾይኑ፡ ብሞያዊ ክእለትን ብቕዓትን ዝተመልመለ መንእሰይ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ዓቢ ኣቓልቦ ተዋሂብዎ ይሰርሕ ከም ዘሎ ገሊጹ።

“ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ቅድም ናይ ኩናት ሰንኩላን ሓርበኛታት፡ ድሒሩ ከኣ ብርኩት ዝበሉ ክኢላታት ብዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ከተመርቕ ዝኸኣለት እያ። ኣብዛ ዕለት ትምረቑ ዘለኹም ተማሃሮ'ውን ኣብቲ መንግስትን ህዝብን ተወሃሂዶም ዘካይድዎ ዘለዉ ወፍሪ ህንጸት ሃገር፡ ብምውሳእ ካብ'ኹም ዘድሊ ኩሉ ዕማም ክተማልኡ ይግባእ። እቲ ቀንዲ ትምህርቲ፡ ሕጂ እትኣትውዎ ዘለኹም ናይ ስራሕ ዓለም ስለ ዝኾነ፡ ፍልጠት ደረት ከም ዘይብሉ ተረዲእኩም፡ ነብስኹም ኣብ ምምሃር ከይተሓለልኩም ክትጽዕሩ ኣለኩም።” ክብል ኣቶ ተስፋይ ኣረዲኡ።

መንግስቲ ኤርትራ፥ ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ልምዓትን ህንጸት ሃገርን ብኣግኡ ብምግንዛብ፡ ብቐጻሊ ዓበይቲ ስርሓት ኣብ ምስልሳል ይርከብ። እቲ ኣገልግሎት ኣብ ከተማን ሓውሲ ከተማን ከይተሓጽረ፡ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ሃገር ንኽዝርጋሕ፡ ልዑል ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ፡ ብዙሓት ተማሃሮን ኣብያተ-ትምህርትን ወሲኹ ይርከብ። ብተወሳኺ'ውን፡ ቁጽሪ ኮለጃት፡ ስነ-ኪነትን ንግድን ኣኣብ ጽባሕ ይዛይድ ኣሎ። ተሳትፎ ክልቲኡ ጾታ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዳርጋ መጠናዊ እናኾነ ይመጽእ ብምህላዉ፡ ብሓድነት ብልጽግቲ ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ዕዙዝ ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ።

ወኪል ተማሃሮ ብወገኑ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ብግብራውን ክልሰ-ሓሳብን ዝተሰነየ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብምውዳድ፡ ካብ ኩለን ዞባታትን ብሄራትን ንዝመጹ ተማሃሮ፡ መንጠሪ ባይታ ዝኾነውን መንጸፍ ብምጥጣሕ፡ ኣብ ሓደ መኣዲ ብምእንጋድ ፍልጠት ከም እተምህብ ሓቢሩ። ነቲ ናይ ክልተ ዓመት፡ ኣካዳምያውን ሞያውን ስልጠና ብልዑል ወጻኢታት ንዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን፡ ብስም ኩሎም ተመረቕቲ ወኪሉ ኣመስጊኑ።

“ኣብ መላእ ሃገር ተበጺሑ ዘሎ፡ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ሓላፍነት ብምስካም፡ ኣካል ናይ'ቲ መሰርዕ ኩይንና፡ ኣብ ዳግመ ህንጸታውን ልምዓታውን መደባት ብምሉእ ክእለትን ዓቕምን ከም እንሳተፍ ነረጋግጽ። ትምህርቲ፡ ዘይጎድል ጸጋ ስለዝኾኑ፡ ዚ ጀሚርናዮ ዘለና ሞያ ከዕብዮን ክሰስኖን፡ መንግስቲ ኣቓልቦ ሂቡ ባይታ ከጣጥሐልና ንላቦ። ብተወሳኺ'ውን፡ ብመምህራንን ኣባላት ቤት ትምህርትን ዝተገበረልና ዘይሕለል ጻዕሪ ነመስግን።” ብምባል ወኪል ተማሃሮ ገሊጹ።

ኣቶ ውሃብ መሓመድ ዓሊ

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ነቶም ካብ ኩሉ ኩርንዓት ሃገር ዝመጹ ተማሃሮ ሓድነታዊ ፍቕሪን ምትሕግጋዝን ዝመሃሩላ ስፍራ እያ። ስለዚ፡ ተማሃሮ ብዘይካ ግብራውን ክልሰ ሓሳባውን ትምህርቲ ኣብ ማሕበራዊ መጉብር ኣፍልጦኦም ንምዕባይ ዓቢ ተራ ኣለዋ። ኣብ'ቲ ዕለት፡ መንእሰያት ተማሃሮ ነቲ በዓል ዘድምቕ ዝተፈላለየ ስነ ጥበባዊ መደባት ኣቕሪቦም። ብርግጽ ከኣ እታ ቤት ትምህርቲ፡ ንኹለን ብሄራት ሓቚፋ ከም ዘላ ዘንጸባርቕ ነይሩ። ብተወሳኺ'ውን፡ ካብ ኩሉ ቦታታት ዝተኣኻኸቡ ወለዲ፡ ነታ ክብሪ ዕለት ምስ ደቆም ብምኻን ኣብዒሎማ።

ካብ ኩለን ተማሃሮ ደቀንስትዮ፡ ብዓውደ-ሞያ ኤለትሪክሲቲ ልዑል ነጥቢ ዘምጸአት ተማሃሪት ፍርቱና ተስፋገርጊሱ፡ ብዛዕባ ምስጢር ዓወታ ክትሕብር እንከላ፥ “ካብ ኩለን መምህርተይ ጽቡቕ ኩብል ዘኽኣሉ፡ ኣብ ዕላማይ ጽንዕትን ዝሓጸጽክዎ መደብ ኣብ ምዕራፍ ንኽበጽሕ ልዑል ጻዕሪ ስለ ዘካይድኩ እዩ። ዕለት መመረቕታ፡ ረዚን ሓላፍነት እተሰከምሉ ብምዃና፡ ብዝተመሃርክዎ ዓወደ-ሞያ፡ ንዘምሃሩኒ ስድራቤተይን መንግስተይን ክኽሕሶም ቃል ዝኣትወላ መዓልቲ'ያ።” ብምባል ደስታኣ ገሊጻ።

ተማሃራይ ተስፉ ከይቀረጸ እንተ ጸዊሩ፡ ኣብ እዋን ምእካብ ምህርቲ ግድን'ዩ ኣኺልካ ዕቤት ኩሓፍስ ዝኽእል። ስለዚ፡ ተማሃሮ ነቲ ኣብ ቅድሚት ዘሎ ባና ብምምዕዳው፡ ዕላምኦም እንተ ተጸሪሮም ከም ዝዕወቱ መንእሰይ ፍርቱና ኣረዲኣ። ብፍላይ ደቀንስትዮ፡ ብሰንኪ ጾታዊ ፍልልይ፡ ነብሰን ከየትሒታን ከይተዓንቀፋን፡ ርእሰን ኣብ ተግባር ንምብጻሕ ከይተሓለላ ክጽዕራ ከም ዝግበአን ኣገዚባ።

መንእሰያት ተማሃሮ፡ ምሁራን ኣካል ንክኾኑ፡ ሳላ መንግስትን ህዝብን ዘዋድዱሎም ዘለዉ ጥጡሕ ባይታ፡ ተኻፈልቲ ዝተፈላለየ ዓውደ ትምህርቲ ይኾኑ ኣለዉ። መንእሰያት ብዘዋጠቕዎ ፍልጠትን ሞያን ብብልሓትን ተወፋይነትን ኣብ ረብሓ እንተ ዘይኣውዒሎሞ፡ ሃገፍ ምሁር ዓቕሚ ሰብ ስለ ዘጋጥም፡ ዓቢ ዕንወት'ዩ ዘኸትል። ስለዚ፡ እዞም ተማሃሮ ብኽልሰ ሓሳብን ተግባርን ዝቐሰምዎ ፍልጠት፡ ንምዕባለ ጉዕዞ-ነብሰንምን ሃገሮምን ከውዕልዎ ምሉእ ሓላፍነት ኣለዎም። ኣብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈሩ፡ ብስነ ምግባርን ተወፋይነት ክዕዱ ይግባእ።

ብዓወደ-ሞያ ኣውቶ መካኒክ ካብ ኩሎም ተመረቕቲ ምሉእ ነጥቢ ብምምጻእ ጉበለል ተዓዋቲ ዝኾነ ተማሃራይ ረሓሲ ገብረሂወት ብወገኑ፡ ተማሃራይ ዕላምኡ ብምንጻር ለይትን ቀትርን እንተ ጸዊሩ፡ ኩሉ ድሌታቱ ክተግበር ከም ዝኽእል ኣረዲኡ። ብተወሳኺ'ውን ንመምህራንን ብሉጻት ተማሃሮን ብምውካስ፡ ዚያዳ እቲ ፍልጠት ክዕሙቕ ባይታ ይፈጥር። ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ)፡ ልዑል ነጥቢ ብምምጻእ፡ ናብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብምቕጻል፡ ነቲ ብናጻ ዘምሃረኒ መንግስቲ ብግብሪ ከም ዘገልግል ኣረጋጊጹ።

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር፡ ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ምምሕዳር ከበቢ



ኣቶ ተስፋይ ሰዩም

ኑፋሲት ተደኲና ትርከብ። እታ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ 1994 ንኣብ ኩናት ንዝሰንከሉ ተጋደልቲ ብሓጺር ስልጠናታት ካብ 6-8 ወርሒ ስልጠና ብምሃብ ጀሚራ። ድሕሪ ሰለስተ ዓመት፡ ነታ ቤት ትምህርቲ ንምምሕያሽን ንምዕባይን ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ከም ምድኅቢቲ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት፡ ብሽዱሽተ ዓውደ-ሞያ ኣውቶ መካኒክ፡ ህንጻ፡ ኤለትሪክሲቲ፡ ኤለክትሮኒክ፡ ስርሓት ሓጺንን ጽርበት ዕንጸይትን ብትምህርታዊ ስልጠና ፈሊማ። ኣብ 2000 ዓ.ም ንሰለስተ ዓመት፡ ብደረጃ ዲፕሎም ዝዘምሃርዎም ተማሃሮ ኣመረቓ። ብዝተፈላለየ ኣገባብ መስርሕ ምስትምሃር ክካየድ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ካብ ቅድሚ ሸሞንተ ዓመት፡ እቲ ዓውደ-ሞያ ናብ ትሸዓተ ክብ ብምባል፡ ካብ ኩሉን ዞባታትን ብሄራትን ንዝመጹ ተማሃሮ፡ ብቑዕ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ትርከብ።

ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ሃገርና፡ ተመስሪተን ዘለዋ ኣብያተ-ትምህርቲ ስነ-ኪነት፡ መንእሰያት ተማሃሮ ሞያዊ ክእለት ንምድላብ፡ ዘካይደኦ ዘለዋ ኣስተዋጽኦ ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ተማሃሮ ኣገዳስነቱ ተረዲኦም፡ ተኻፈልቲ ንክኾኑ ብዕቱብ ክከታተልዎን ኣብ ረብሓኦም ከውዕልዎን ይግባእ።

# ሸባብ

ሃማመተኤ

ዛዕባ

## 8ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት
### (13-15 ሓምለ፡ ሳዋ)



8ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ 2018 “መንእሰይ፡ ጸዓት ዘላቒ ዕብየት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ምስ መመረቕታ መበል 31 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተወሃሂዱ፡ ካብ 13-15 ሓምለ፡ ኣብ'ታ ኩለንተናዊ ብቕዓት ኣብ ምህናጽን ሃገራዊ ክብርታት ኣብ ምስግጋርን መሪሕ ተራ እትጻወት ዘላ መዲና መንእሰያት - ሳዋ ክካየድ ምዃኑ ቤት ጽሕፈት 8ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኣብ ዘውጽኦ መቓን ገሊጹ።

ድሕሪ ምርግጋጽ ምሉእ ናጽነት ዘተታሕዘ ዕዮ ገዛ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምርግጋጽ ዘላቒ ዕብየት እዩ። ብስትራተጂ ርእሰ-ምርኮሳ ዝምራሕ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ መትከል ዝገበረ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ዕብየት። ልክዕ ከምቲ ኣብ ምርግጋጽ ናጽነት ዝነበረ ተራ ድማ እቲ ዕላማ ብወሳኒ ተራ ሰብ እዩ ዝረጋገጽ - ሰብ ብሰቡ ድማ መንእሰይ!።

መንእሰይ ኤርትራ ሕልምን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምግሃድ ዝተጻወቶ ተራ ካብ ብቓላት ክትገልጾ ምፍታን ብትርጉም ልኡላውነትን ምውናን ሃገራዊ ባንዴራን ክስተማቐር ከሎ ዝበለጸ መግለጺ እዩ። ሕጂ ኣብ ናጻ ኤርትራ ኳንና ብዛዕባ ምርግጋጽ ዘላቒ ዕብየት ክንሓስብ ከለና'ውን እቲ እምነት ኣብ መንእሰይ እዩ፡ ምንጪ ምርግጋጽ ራእይና መንእሰይ እዩ። እዚ እዩ መንእሰይ ጸዓት ዘላቒ ዕብየት ዘብሎ።

ጸዓት ከም ቃል ክትርጉም ከሎ ስራሕ ናይ ምስልሳል ዓቕሚ ወይ ብቕዓት ወይ'ውን ሓይሊ ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል እዩ፡ ስለዚ፡ እቲ ምንጪ ዓቕሚ ትግባረ መደባትና ኣብ ኢድ መንእሰይ እዩ ዘሎ። ምናልባት ጸዓት ብዝግባእ እንተተጠቒምካሉ ክሳብ ክንደይ ምንጪ ዕብየትን ብልጽግናን ከምዝኾነ ርዱእ ስለዝኾነ መንእሰይ'ውን ብዝግባእ እንተተጠቒምካሉ ውሕስነት ዘላቒ ዕብየት ኣብ ኢዱ ከምዘሎ ንጹር ይኸውን።

ጸዓት ብዝግባእ እንተተዓቂቡን ተሓዲሱን እዩ ንብዙሕ መደባት ኣቀላጣፊ ባእታ ኮይኑ ክዓዪ ዝኽእል፡ ብተመሳሳሊ፡ መንእሰይ ብዝግባእ እንተተማሂሩን ተማእዚኑን ንኹሉ ባህግታትን መደባትን ሕብረተሰብ ናብ ጋህዲ ክቕይር ዝኽእል ዕቑር ሓይልን ክእለትን ኣለዎ።

“መንእሰይ ጸዓት ዘላቒ ዕብየት” ዝብል ቴማ እምበኣር፡ ነቲ መንእሰይ ኣብ ምውሓስ ዘላቒ ዕብየት ዝህልዎ ተራን ኣበርክቶን ንምግላጽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመንእሰይ ክግበረሉ ብዛዕባ ዝግባእ ኣተሓሕዛን ኣልያን ንምዝኽኻር እውን'ዩ።

ኣተኩሮ መደባት 8ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት፡ ምህዞን ፈጠራውነትን መንእሰያት ዘንጸባርቕ፡ ኣብ ዝሓለፈ 40 ዓመት ኣበርክቶ ማሕበር ኣብ ምህናጽ መንእሰይን ከምኡ'ውን ተራ መንእሰያት ኣብ መስርሕ ምውሓስ ልኡላውነትን ምህናጽ ሃገርን ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ከንጸባርቕ እዩ። ብተወሳኺ ሰፊሕ ናይ ምዝላይን ምግራብን መደባት ማእቶት ዘጣመረ፡ ልሙድ ትምህርታዊ፡ ባህላዊን ስነጥበባውን መደባት ክህሉ እዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዘለዓለ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ብሉጻት መንእሰያት ኣፍልጦ ዝህብ ሽልማት “ሶይራ”፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ብዝለዓለ ተበላሕነትን መሃዝነትን ጸብለልታ ንዘርኣዩ ሽልማት “ምህዞን ሰንዓን” ከምኡ'ውን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ናይ 2ይ ደረጃ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ብብቕዓት ንዛዘሙ ኤርትራውያን ዝወሃብ ሽልማት “ሳዋ” ኣብ ጽንብል ፈስቲቫል ክወሃቡ'ዮም።

ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ብሓፈሻ ብዛዕባ መደባት ማሕበርን መደባት መንእሰያትን ዝዝቲ እኳ እንተኾነ፡ 8ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ግን ማሕበር ኣብ ጉዕዞ 40 ዓመት ብፍላይ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ መንእሰያት ኣብ ምልማል ከካይዶ ንዝጸንሐ ዝተፈላለየ ዓበይቲ መደባት ከንጸባርቕ ብዝኽእል ኣገባብ ክቐርብ'ዩ። ንኹሉ ኣብ ሓደ ኮርናዕ ክተንጸባርቑ ከጸግም ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ በብኾርናዑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መደያት ንዝተሰላሰለ ዕማም ኣብ ውጽኢት ብዘተኩረ ኣገባብ ከምዝቐርብ ክግበር ይስረሓሉ ኣሎ።

ኣብ መደባት ባህሊ፥ መንእሰያት ንያታዊ ክብርታትና ክፈልጥዎን ክኑብርዎን፡ ብፍልጠት ተሰንዮም ድማ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ተወዳዳሪ ክገብርዎን ዝድርኽ ዝተፈላለዩ ናይ ውድድር መደባትን ምርኢታትን ክካየድ እዩ። ኣብ ኣዳራሽ መንእሰያት ዞባታት፡ ንጉዕዞ ማሕበር ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመትን፡ ተራ መንእሰያት ኣብ መስርሕ ምህናጽ ሃገርን ምዉሓስ ልኡላውነትን ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ዘንጸባርቕ ክኸውን እዩ። ኣብ ኣዳራሽ መንእሰያት ድያስፖራ ድማ ንተሳትፎ መንእሰያት ድያስፖራ ብዝምልከት ብቕዓትን ተወዳዳርነትን ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ዝኑብሩሉ ከባብን ተሳትፎ ናይ እዚ ሃገራዊ ጸጋ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያትን ዝልዓለ መልክዑ ብዝገልጽ ኣገባብ ንምንጽብራቕ ክፍተን እዩ። ተራ መንእሰያት ድያስፖራ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣብ ክልተ ገጽ ብዘንጸባርቕ ዝቐርበሉ መድረኽ ክፍጠር'ዩ።

ብዘይካ'ዚ ብዓበይቲ ካድራትን ሞያውያንን ዝካየዱ ሰሚናራትን ኣብ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ምርኩስ ዝገበረ ሓባራዊ ዘተን ኣብ እዋን ፈስቲቫል ኣብ ሳዋ ክቐርቡ'ዮም። ኣብ ዝቐርቡ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ እኹል ግዜ ተዋሂብዎም ከምዝዳለዉ ብምግባር፡ ንኹሉ ዓውድታት ብኽፉት ዝትንክፉን ኣብ ሕብረተሰብ ለውጢ ከምጽኡ ዝኽእሉን ወረቓቕቲ ንምቕራብ ይስረሓሉ ኣሎ። ዝተፈላለዩ ፍልጠት ጠቀስ ውድድራት ንተመሃሮ፡ መንእሰያትን ሰራዊትን ብዘሳትፍ ኣገባብ ንምክያድ ምድላዋት ይግበር ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ ዛንታታት ውዕሎ ዋርሳይ ዝትረኽሉ መድረኽ፡ ብፍሉይ ንዝኽሪ ሰማእታት ዝዳሎ ኮርናዕ ሰማእታት፡ መደባት ሓባራዊ ዘተ፡ ሰሚናራትን ሓባራዊ ጉዳያትን ኣብ'ዚ ፈስቲቫል ክቐርቡ ተወጢኖም ዘለዉ ንጥፈታት እዮም።

ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኣብ ነፍሲወከፍ ክልተ ዓመት ብምውህሃድ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራን ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ዝካየድ ኮይኑ፡ ነዚ ን8ይ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ፈስቲቫል ብድምቀት ንምብዓል፡ ካብ ክልቲኡ ወገን ዝቔመት ላዕለወይቲ ኣወሃሃዲት ኮሚቴ ሃልያ፡ ነንሓድሕደን ስጡም ናይ ስራሕ ምትእስሳር ዘለወን ንጥፈታት ዘወሃህዳ ኮሚተታት ድማ ብወገን ማሕበርን ማ.ስ.ሓ.ም.ኤን ኣቐዲመን ቔይመን ብንጥፈት ይዋስኣ ኣለዋ። ብተወሳኺ ካብ ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ሚኒስትሪ ዜናን ካልኦት ኣካላትን ዝተወከሉ ኣባላት'ውን ከምቲ ልሙድ ኣካል ኮሚተ ፈስቲቫል ኮይኖም ክሰርሑ'ዮም።

ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ብቐንዱ ናይ መንእሰያት ውራይ ብምዃኑ፡ ኣብ ዉሽጥን ወጻእን ዝነብሩ ኤርትራውያን መንእሰያት ዕዱማት ጥራይ ካብ ምዃን ሓሊፎም፡ ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ተሳተፍቲ ክኾኑን ውራዮም ንምድማቕ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙን እዮም።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

# ዋንጫ ዓለም 2018

**ጀርመናውያን ፍጹም ቅላዕ ኣብ ምምዛጋብ፤ ኣኣንጋዲት ሃገር ዝህልዋ ብልጫ፤ ብብዝሒ ሽቶታት ምስ ሮናልዶ ዝተመዓራረየ ሚክሲካዊ ተኸላኻሊ. . .**

1. ብራዚል ንውድድር ዋንጫ ዓለም ሓሙሽተ ግዜ ምዕዋታ ይፍለጥ። እዛ ኣብ 2002 ነዛ ዋንጫ ንሓሙሻይ ግዚኣ ዘልዓለት ሃገር፡ ኣብ ሜዳኣ ኣብ ዘአንገደቶ ናይ 2014 ውድድር፡ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ብጀርመን 7ብ1 ተሳዒራ ዕርቃና ዝወጸትሉ ፍጻመ ክሳብ ሎሚ ንብራዚላውያን 'ኣሕ' ዘብሎም ዘሎ ፍጻመ እዩ። ብሓፈሻ፡ ብዘይካ ሃገራት ኤውሮጳን ደቡብ ኣመሪካን ንዋንጫ ዓለም ዘልዓለት ናይ ካልእ ኣህጉር ሃገር የላን። ሃገራት ኤውሮጳ ብድምር 11 ግዜ ነዛ ጽዋእ ከልዕላኣ እንከለዋ፡ ናይ ደቡብ ኣመሪካ መዛኑኣን ድማ ትሽዓተ ግዜ ኢደን ኣሕሊፈናላ።

2. ናይ ጎል ማሽን እናተባህለ ዝጽዋዕ ሚሮስላቭ ክሎዝ፡ ኣብ ኣርባዕተ ውድድራት ዋንጫ ዓለም 16 ሽቶታት ብምምዝጋብ ንክቡር በዓል ፔለ፡ ገርድ ሙለርን ሮናልዶን ዝኣመሰሉ ህቡባት ተጻወትቲ በሊጹ ክብረወሰን ሒዙ ይርከብ። እዚ ኣብ 2016 ጫማኡ ዝሰቐለ ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ንሃገራዊት ጋንታ ጀርመን 'ሞራል ክሁብ' ብዝብል ኣብታ ጋንታ ከም ኣባል ተጠርኒፉ ኣሎ። ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2002 ሸሞንተ ሽቶታት ዘመዝገበ ብራዚላዊ ሮናልዶ ብድምር 15 ሽቶታት ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ብምምዝጋብ ካልኣይ ተሰሪዑ ኣሎ። ፈረንሳዊ ጀስት ፎንታይን ኣብ 1958 ኣብ ሽዱሽተ ጸወታታት 13 ሽቶታት ብምምዝጋቡ ኣብ ሓደ ውድድር ዝበዝሐ ሽቶታት ዘቑጸረ ተጻዋታይ እዩ።

3. ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ዋንጫ ዓለም፡ 10ን ልዕሊኡን ሽቶታት ካብ ዘቑጸሩ ተጻወትቲ፡ ቶማስ ሙለር እቲ እንኮ ህልዊ (ኣብዚ ውድድር ምኻኑ እዩ) ተጻዋታይ እዩ። ድሕሪ፡ 10 ሽቶታት ዘመዝገበ ቶማስ ሙለር ዝተሰርዑ ተጻወትቲ፡ ናይ ኮሎምብያ - ሮድሪገዝ ብሽዱሽተ ሽቶታት፤ መሲ፡ ስዋረዝ፡ ካሂል፡ ሂጉዋን ከኣ ነፍስ ወከፎም ሓሓሙሽተ ሽቶታት፤ ነይማርን ሻኩሪን ኣረርባዕተ፤ ሆንዳ፡ ሀርናንደዝ፡ ሮናልዶ (ፖርቱጋላዊ)ን ማርኩዝን ከኣ ሰለስተ ሽቶታት ኣብ ዝሓለፈ ውድድራት ብምምዝጋብ ይስዕብዎ። ምስ ሮናልዶ ብብዝሒ ሽቶታት ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ተመዓራርዩ ዝርከብን ንሓሙሻይ ግዜኡ ድማ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ዝሳተፍ ዘሎን ሚክሲኳዊ ራፋኤል ማርኬዝ እቲ እንኮ ተኸላኻሊ ኣብዚ ክብሪ'ዚ ዝሓዘ ተጻዋታይ እዩ።

4. እንግሊዝ ዋላ'ኳ ዋንጫ ዓለም ኣብ 1966 ድሕሪ ምልዓላ ካብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሓሊፉ ዘይትፈልጥ እንተኾነት፡ ብርክት ዝበሉ ኣብ ውድድራት ውሽጢ ዓዳ ዝጻወቱ ኣብዚ ሎሚ ዝጀመረ ውድድር ምህላዎም ብቐዳምነት ትጽዋዕ። ዋላ'ኳ ከም ሊዮሮይ ሴይን፡ ማርኮስ ኣሎንሶን ዴቪድ ሉዊስን ኣብ ግዝኣም እንተሃለው፡ 130 ተጻወትቲ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ምጽዋቶም ኣርእስቲ ኮይኑ ኣሎ። ክለባት እስጳኛ 81 ተጻወትቲ፡ ክለባት ጀርመን ድማ 67 ተጻወትቲ ምስ ሃገራውያን ጋንታታተን ኣኸቲተን ኣለዋ።

5. ኣብ 1950 ኣብ መሬታ ብኡራጓይ ተሳዒራ ዋንጫ ዓለም ዘማዕደወትን ኣብ 2014 ከኣ ብጀርመን 7ብ1 ንዝተሳዕረትን ብ ራ ዚ ል ንጎደኒ ገዲፍና፡ ኣኣንጋዲት ሃገር ክንዮ ናይ ምድብ ጸወታታት ክትጓዓዝ ልሙድ እዩ። ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ ምድባ ዘይሓለፈት እንኮ ኣኣንጋዲት ሃገር እያ። ብሓፈሻ፡ ኣኣንገድቲ ሃገራት ዋንጫ ናይ ምልዓል ልዑል ተኽእሎ ኣለወን። ኡራጓይ፡ ኢጣልያ፡ እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ኣርጀንቲናን ሽወደንን ዝኣንገዳኦ ውድድር ዋንጫ ዓለም ዝተዓወታ ሃገራት እየን።

6. ጀርመን፡ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ልዕሊ ማንም ሃገር ብፍጹም ቅላዕ ንግጥም ናይ ምዕዋት ታሪኽ ዘለዋ ሃገር እያ። ብሓፈሻ፡ ጀርመን ንኣርባዕተ ጸወታታት ብፍጹም ቅላዕ ክትዕወተሉ ክኢላ እያ። ብኣንጻሩ፡ እንግሊዝ ፍጹም ቅላዕ ቀዳዊኣ ኣይኮነን። ኣብ ሰለስቲኡ ንፍጹም ቅላዕ ዝቐረበትሉ ጸወታታት ስዕረት ኣመዝጊባ። ኢጣልያ እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ሰለስተ ጸወታታት ብፍጹም ቅላዕ ካብ ውድድር ተፋንያ። ብፍላይ ኣብ 1994 ሮቤርቶ ባጅ ልዕሊ ወርወር ኩዕሶ ብምስዳዱ ዋንጫ ዘማዕደወትሉ ግጥም ፍጻመ ተዘኪሪት እያ። ይኹን እምበር፡ ኣብ 2006 ንፈረንሳ ዝሰዓረትሉ ፍጻመ ነዚ ከምዝደበሰ ይእመን።

** ** **

## ካናዳ፡ ኣመሪካን ሜክሲኮን ውድድር ዋንጫ ዓለም ከአንግዳ ተመሪጸን

ትማሊ ኣብ ሩሲያ ኣብ ዝተኻየደ መበል 68 ኮንግረስ ኣባል ሃገራት ፊፋ፡ ካናዳ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሜክሲኮን ብሓባር ንውድድር ዋንጫ ዓለም 2026 ከአንግዳ ተመሪጸን።

134 ድምጺ ዝረኸባ እዘን ሃገራት፡ ነታ 65 ድምጺ ዝረኸበትን ንሓሙሻይ ግዚኣ ድማ ዝተወዳደረትን ሞሮኮ በሊጸን እየን ነቲ ኣብ ታሪኽ ውድድር ዋንጫ ዓለም ዝለዓለ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ሃገራት ንዝህልዎ ውድድር ከአንግዳ። ኣብ 2026 ንብዝሒ ተሳተፍቲ ሃገራት ናብ 48 ዘበርኽ ፊፋ፡ ኣብ ውሽጢ 34 መዓልታት 80 ጸወታታት ከምዝካየድ የነጽር።

ሜክሲኮ ኣብ 1970ን 1986ን፡ ኣመሪካ ከኣ ኣብ 1994 ነቲ ዓቢ ድግስ ኩዕሶ እግሪ ኣኣንጊደን ነይረን። ኣብ 2015 ንውድድር ዋንጫ ዓለም ደቂ ኣንስትዮ ዘአንገደት ካናዳ ግና፡ እዚ ናይ 2026 ንፈለማ ግዚኣ ክኸውን እዩ። ኣብ ኣመሪካ ዝተኣንገደ ውድድር ልዑል ቁጽሪ ተዓዘብቲ ዘመዝገበ ክኸውን እንከሎ፡ ሜክሲኮ ድማ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ዓለም ክልተ ግዜ ነቲ ውድድር ዘአንገደት ኮይና ተመዝጊባ ኣላ።

ፊፋ ኣብ ታሪኹ ንመጀመርታ ግዚኡ ንሰለስተ ሃገራት ብሓባር ናይ ምእንጋድ ዕድል ክሁብ እዚ ንፈለማ ግዚኡ እዩ።

እዚ ውድድር'ዚ ንምእንጋድ 'ዩናይትድ' ዝብል ሓባራዊ ቃል ዝሓዛ እዘን ሃገራት፡ ካብቲ ውድድር ኣስታት 14 ቢልዮን ዶላር ከምዝንቀሳቐሳን ንፊፋ ድማ 11 ቢልዮን ዶላር መኽሰብ ክፈጥረሉ ከምዝኽእላን ቢቢሲ ይሕብር። ብሓፈሻ፡ እዚ ናይ 2026 ውድድር ኣብ 16 ከተማታት ክእንገድ እዩ። ኣመሪካ፡ 60 ጸወታታት ከተአንግድ መደብ ክወጽእ እንከሎ፡ ሜክሲኮን ካናዳን ድማ ነፍስ ወከፈን 10 ግጥማት ክሳሲያ እየን።

ይኹን እምበር፡ ፊፋ፡ እዘን ሰለስተ ኣኣንገድቲ ሃገራት ብቐጥታ ናብቲ ውድድር ናይ ምህላወን ወይ እውን ዘይምህላወን ሕቶ ድሕሪ ሒደት ሳምንቲ ኣብ ዝካይዶ ካልእ ዋዕላ ክውስን ምዃኑ ፕረዚደንት ፊፋ ጃኒ ኢንፋንቲኖ ሓቢሩ።

## ሩሲያ - ስዑድ ዓረብ

ኣኣንጋዲት ሃገር ሩሲያ፡ ሎሚ ኣብ ዝካየድ ናይ መኽፈቲ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2018 ምስ ስዑድ ዓረብ ክትገጥም እያ። ኣብ መስመር ምክልኻል ሃጓፍ ዝገጠማ ሩሲያ ንወዲ 38 ዓመት ሰርጂ ኢግናሸቪች ጸውዒት ብምቕራብ ምስ ቀዳሞት 11 ኩተሰልፎ ትጽቢት ኣሎ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ መስመር ምጥቃዕ፡ ኣሌክሳንደር ኮሮሪን ኣብ ብርኩ ብዝገጠሞ ማህሰይቲ ካብዚ ውድድር ወጻኢ ብምዃኑ እቲ መስመር ኣብ እንግድዓ ፊዶር ስሞሎቭ ወዲቑ ኣሎ።

ብመንጽሩ፡ ኣሰልጣኒ ስዑድ ዓረብ ኣንቶንዮ ፒዚ፡ ኣብ መስመር ምጥቃዕ ካብ መሓመድ ኣል ሳህላዊን ሙሃናድ ኣሲሪን ንመን ከምዝሰልፍ ዓቢ ግድል ከምዝኾኖ ይንገር። ምኽንያቱ፡ ንኽልቲኦም ተጻወትቲ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ምሕዝነት ጸወታታት እናበራረየ ከሰልፎም ብምጽንሑ።

እዘን ጋንታታት ኣብ መሳልል ደረጃ ሃገራውያን ጋንታታት ትሑት ተርታ ሒዘን ኣለዋ። ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ጸወታታት ሓንሳብ እውን ክትዕወት ዘይከኣለት ሩሲያ መበል 70 ተርታ ሒዛ ኣላ። ኣብ ምሕዝነታዊ ጸወታታት ብኢጣልያ፡ ፔሩን ጀርመንን ዝተሳዕረት ስዑድ ዓረብ ከኣ መበል 67 ተሰሪዓ ትርከብ።

## ናይ መስመር ደያኑ . . .

ናይ መስመር ደያኑ ውድድር ዋንጫ ዓለም፡ ኣብ ኣካታዒ ህሞት 'ኦፍሳይድ' ባንዴራ ብምልዓል ኣብ ውሳነ ክንዲ ዝኣትዉ፡ ብቪድዮ ኣረጋጊጸም ውሳነ ክወስዱ ብፊፋ ከምዝተኣዘዙ ኣቦ መንበር ኮሚተ ደያኑ ፔርሉጂ ኮሊና ኣፍሊጡ።

ብቪድዮ ዝተሰነየ ዳንነት ዝካየደሉ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018፡ ናይ መስመር ደያኑ፡ ጻዕቂ ተጻወትቲ ኣብ ዝረኣየሉ ናይ 'ኦፍሳይድ' ሃዋሁ፡ ንውሳነ ክንጸዩ ከምዝይብሎም እቲ ገዲም ኢጣልያዊ ዳኛ ነብር ሓቢሩ። "ዳኛ፡ ብንጹር ኦፍሳይድ ንዘኾነ ተጻዋታይ ከለሊ ምስ ዝጽግም፡ ባንዴራኡ ከውጽእ ኣይግብኦን። ዋላ እውን ቡቲ ፍጻመ ሽቶ እንተተመዝገበ፡ ጸኒሑ ብቪድዮ ብምርግጋጽ ነታ ሽቶ ክሰርዛ ይኽእል እዩ። ባንዴራኡ እንተደአ ኣልዒሉ ግና ውሳኔ ስለዝተፈጸመ ዳግማይ ክኽልሶ ኣይክኽእልን እዩ" ይብል ኮሊና።

## ፈርናንዶ ሂሮ ኣሰልጣኒ እስጳኛ ኮይኑ

ንኣሰልጣኒ ጁለን ለፐቲጉ ዘባረረት ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ፡ ንፈርናንዶ ሂሮ ኣብ ቦታኡ ከምዝመዘዘቶ ትማሊ ኣማስያኣ ኣፍሊጣ።

ብቕድሚ ትማሊ ንክለብ ሪያል ማድሪድ ክዕልም ብምስምማዑ ንሓለፍቲ ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ ዘቖጥዐ ለፐቲጉ፡ ትማሊ ብወግዒ ካብታ ጋንታ ድሕሪ ምብራሩ እስጳኛ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ብህጹጽ ንምቝጻር ክትገጽዮ እያ ወዒላ። ኣማስያኡ ድማ ሓለቓ ጋንታ ክለብ ሪያል ማድሪድ ዝነበረ ፈርናንዶ ሂሮ ኑቲ መዝነት ክርከብ ኣብ ውሳነ ምብጽሓ ኣፍሊጣ።

ትማሊ ምሸት ኣብ ዝካየዶ ጋዜጣዊ ዋዕላ፡ "ብዛዕባ ምብራርን ምቑጻርን እንዛረበሉ እዋን ኣይኮነን። እስጳኛ፡ ናይ 2010 ክብራ እትደግመሉ መገዲ ከናዲ ኣለና" ክብል ሂሮ ተዛሪቡ።

ጽባሕ ምስ ፖርቱጋል ፈታኒ ናይ ምድብ ጸወታ እተካይድ እስጳኛ፡ ሎሚ በዚ ሓድሽ ኣሰልጣኒኣ እናተኣለየት ልምምዳ ከተካይድ እያ። 584 ጸወታታት ምስ ሪያል ማድሪድ ዘካየደ ሂሮ፡ ኣብ ናይ 18 ዓመታት ናይ ፕሮፌሽናል ጸወታ ጉዕዞኡ ሰለስተ ግዜ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ከልዕል እንከሎ፡ ሓሙሽተ ግዜ ከኣ ዘውዲ ላሊጋ ደፊኡ።

ናይ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ግዚኡ ምስ ክለብ ሪያል ቫላዶሊድ ኣብ 1987 ዝፈለመ እዚ ሓድሽ ኣሰልጣኒ እስጳኛ፡ ካብ 1989 ክሳብ 2003 ኣብ ክለብ ሪያል ማድሪድ ድሕሪ ምጽዋቱ ናብ ኣልራያን ዝተባህለት ቀጠራዊት ክለብ እዩ ኣምሪሑ። ኣብታ ክለብ ንሓደ ዓመት ድሕሪ ምጽዋቱ ከኣ ኣብ 2004 ናብ ቦልተን ብምቕናዕ ንሓደ ዓመት ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ተራእዩ።

ኣብ 2014/15 ኣብ ሪያል ማድሪድ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ዝሰርሐ ሂሮ፡ ኣብ 2016/17 ኣብ ኦቬዶ ከም ቀዳማይ ዓላሚ ሰሪሑ።

ወዲ 50 ዓመት ሂሮ፡ ካብ 1989 ክሳብ 2002 ኣብ ዝነበረ እዋን 88 ጸወታታት ምስ ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ኣካይዱ።

**መደብ ጸወታ**
**ሎሚ**

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል
ገዛባንዳ - ኣስመራ ቢራ
ኣርባዕተ ኣስመራ - ደንደን
ቲራቮሎ - ኣዱሊስ
ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚረን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክገጥማ እየን

ዋንጫ ዓለም 2018
ምድብ ሓደ
ሩሲያ - ስዑድ ዓረብ 6፡00

## እንታይከ ኣሎ ሓድሽ?

\+ ኣርሰናል ንኡራጓያዊ ኣከፋፋሊ ክለብ ሳምፕዶርያ ሉቃስ ቶሬራ ንምዕዳግ ዝርርብ ምጅማራ ቢቢሲ ኣፍሊጡ። ንመስመር ምክፍፋላ ንምሕያል ሓደስቲ ተጻወትቲ ኣብ ምንዳይ እትርከብ ኣርሰናል፡ ንቶሬራ ንምዕዳግ ኣስታት 26 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ክትገብር ከምእትግደድ ይንገር። ኣብዚ ሕጂ እዋን ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ኣብ ሩስያ ዝርከብ ዘሎ ቶሬራ፡ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት እዩ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኡራጓይ ፈላሚ ጸወታኡ ዘካየደ። ብዘይካ'ዚ፡ ሓላዊ ልዳት ናይ ምፍራም መደብ ዘለዋ ኣርሰናል፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ንስዊዘርላንዳዊ ተኸላኻሊ ስቴፈን ሊቸስትነር ብናጻ ናይ ምስግጋር መስርሕ ካብ ጁቬንቱስ ከተፈርም እንከላ፡ ንግሪኻዊ ተጻዋታይ ክለብ ቦሩስያ ዶርትመንድ - ሶክራቲስ ፓፓስታፖሉስ ከኣ ዝመጽእ ሓምለ ኣብ ሕቑፉ እተእትወሉ ኣፈናዊ ስምምዕ ኣካይዳ ምህላዋ እቲ ምንጪ ወሲኹ የረድእ።

\+ ኣትለቲኮ ማድሪድ ንቶማስ ሌማር ብ66 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሞናኮ ንምፍራም ኣፈናዊ ስምምዕ ምብጽሓ ሓቢሩ። እዚ ፈረንሳዊ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ንምስታፍ ኣብ ሩስያ ይርከብ። ንሰለስተ ዓመታት ስፖርት ኣብ ሞናኮ ዘገልገለ ሌማር፡ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ኣርሰናል ክሰጋገር ኣብ ጥርዚ ከምዝበጽሐ ይፍለጥ። ብተወሳኺ፡ ሊቨርፑል እውን ኣስታት 60 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ብምግባር ከተፈርሞ መዲባ ምንባራን እቲ መስርሕ ከኣ ክሰልጣ ከምዘይከኣለን ይዝከር። ትማሊ ኣትለቲኮ ማድሪድ ብመገዲ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታኣ ኣብ ዝዘርግሐቶ ዜና፡ ክልቲኦን ክለባት ከምዝተሰማምዓ ኣፍሊጣ ኣላ። ምስ ሞናኮ 123 ጸወታታት ዘካየደ ሌማር፡ 22 ሽቶታት ኣመዝጊቡ። ብፍላይ ሞናኮ ዋንጫ ሊግ 1 ፈረንሳ ከተልዕል ከምኡ እውን ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዓመተ ስፖርት 2016/'17 ንኽትበጽሕን፡ ሌማር ዕዙዝ ኣበርክቶ ነይርዎ። ኣብ 2016 ፈላሚ ናይ ኣህጉራዊ ጸወታኡ ምስ ፈረንሳ ዘካየደ እዚ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ፡ ኣብ 12 ጸወታታት ሰለስተ ሽቶታት ንፈረንሳ ከበርክት ክኢሉ እዩ።

\+ ኣጥቃዒ ኣትለቲኮ ማድሪድ ኣንትዋን ግሬዝማን፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ኣብ ውሳነ ምብጽሑ ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 27 ዓመት ፈረንሳዊ፡ ዝመጽእ ዓመተ ስፖርት ኣብ ኣትለቲኮ ማድሪድ ናይ ምጽንሑ ውሳነ ብንጹር ኣይሓበረን።

\+ ሓላዊ ልዳት ማን ዩናይትድ - ዴቪድ ደ ሂያ፡ ምስ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ክለብ ሪያል ማድሪድ ጁለን ሎፐቲጉ ጥቡቕ ዕርክነት ስለዘለዎ ናብ በርናቡ ክግዕዝ ከምዝኽእል ይንገር።

\+ ቸልሲ፡ ንተጻዋታይ ክለብ ኣትለቲኮ ማድሪድን ሞንተኔግሮን ስቴፋን ሳቪች ንምፍራም ምስ ጁቬ ኣብ ሓያል ቅልስ ከምዝተጸምደት ተሓቢሩ።

# ምልክታ

ቤትልሄም ታደሰ - እምነት ኣማኑኤል
ሊድያ ሰልጣን

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣቶ ዳዊት መልኣከ ዘማርያም፡ ተኸሳሲ ወረደ ገብረማርያም ወልደሰላሰ ብጉዳይ ገንዘብ ናይ ስም ምትሕልላፍ መኪና ተኸሲስካ ስለዘለኻ፣ ን10/7/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብ ዘየለኻሉ ጉዳይካ ውሳነ ክወሃብ እዩ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ወልደሚካኤል ምሕጹንን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ መንግስቱ ግርማጽዮን፡ ኣቶ ግርማይ መንግስቱ +2 ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተኸሳሲ መሓሪ መንግስቱ ግርማጽዮን ተጸዊዑ፡ ን27/6/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኣያ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብ ዘየለወሉ ክውሰን ምዃኑ ነፍልጥ።

ሰናይት እመስገን ባህታ ምባል ተሪፋ፡ ሰናይት ምስግና መዝገቦ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወደብ ኣስመሮም ሰዩም፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሙሴ ሃብተማርያም ተኸስተ ንጹር ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ይጸውዓለይ ስለዝበላ፡ ተጸዋዒ ን6/7/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኣያ ቁ/35 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣን ዳንነት ክቕጽልን ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊ ስምኦን ተስፋይን መ/ወሃብቲ ኮ/ል ሰለሙን ሰዩም፡ ብርሃነ ሰዩም፡ ዘውዲ ሰዩም፡ ኣበባ ሰዩም፡ ኣዜብ ሰዩም፡ ኣማኑኤል ሰዩም ብምቅሊት ውርሲ ዝተላዕለ ክርክር፡ ብይ/ደረጃ ኣብ ቤ/ፍ ዞ/ማ ይረኣ ስለዘሎ፡ መ/ወሃብቲ 1.ኣበባ ሰዩም 2.ኣዜብ ሰዩም 3.ኣማኑኤል ሰዩም ተጸዊያም፡ ን11/7/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ጉዳዮም ኣብ ዘየለውሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ሰናይት ሓጎስ ኣብርሃ፡ በዓል-ቤተይ ደሳለ እምባየ ግርማይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሚኤል ግደ ኣብርሃ፡ ወላዲት ኣደይ ንግስቲ ግርማይ ታፍላ ስለዝሞተት፡ ኣነ በይነይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ኣብ መንጎ ከሳሲት ኣቶ የማነ ኪዳነ ትካቦን ተኸሳሲት ወ/ሮ ሄለን ሰመረ ክፍለየሱስን ዘሎ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ብኣድራሻኣ ክትርከብ ስለዘይከኣለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን9/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ።

ኣቶ ርእሶም እስቲፋኖስ ተስፋሚካኤል፡ በዓልቲ-ቤተይ ሓጎሳ ዑቕባይ ባህታ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛይድ ዮሴፍ በርሀ፡ በዓል-ቤተይ ልብሱ ተስፋልደት መሓሪ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሚዛን ተኽላይ ገብረሂወት፡ ኣደይ ሮማ ኣይሙት ወልድኣብ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ ፓራዲዞ ጸጸራት

ወ/ሮ ግደይ ኣብርሃ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ኣለም ገብረማርያም ወልደሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ምምሕዳር ከባቢ ገዛ-ባንዳ ጎደና እምባመስቀል ቁጽሪ 09 ዝርከብ፡ ብኮምሽን ኣባይቲ ብመወከሲ ቁጽሪ 129345 ምስክር ዋንነት ቁጽሪ 112936 ብስም ወረስቲ ነ/ሄር ኢያሱ ወልደማርያም ሕድሩ፡ ወ/ሮ ለተሚካኤል ሰባህቱ ምስ 7 ደቆም፡ ፍስሃየ +6 ዝተዋህቦ ገዛ፡ ኦርጂናል ምስክር ዋንነትን ካልእ ምስኡ ዝተሓሓዘ ነዚ ገዛ ዝምልከት ሰነዳትን ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸቦ እንተሎ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቁጽሪ ተሌፎን 07297434 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ዝምከቶ ቤትጽሕፈት መተካእትኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ፈንቅል እዮብ ኢያሱ
ሕጋዊ ወራሲ እዮብ ኢያሱ

ኣብ መንጎ ኣካራያይ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን ተኻራያይ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን ተመለስቲ ጀርመን፡ ብቁ/ፍቓ/ዋኒን ALS00021920 ዞባ ማእከል ከባቢ ማእከል ከተማ ጎደና ጉሬቶ ቁ/ገዛ 14 ዝተመዝገበ ናይ ቤት መግብን መስተን ንግዳዊ ንጥፈት፡ ካብ ዕለት 1/10/2017 ጀሚሩ ከም ዝተቋረጸ እናሓበርና፣ ዝቃወም እካል ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ናብ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ውዕል ክራይ ክቋረጽ ምዃኑ ነፍልጥ።

ጨ/ቤ/ጽ/ንግድን ምዝገባን

ወ/ሮ ሚዛን ግደይ ኮኾብ +6 ወረስቲ ነፍ/ሃብተእየሱስ ዑቕባእንድርያስ ጸጋይ ዝኾንና፡ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/04 ጎደና ሓድጉ ጊላጋብር ቁ.ገዛ 108 ሎታ 106 ቁ.ፓርቸላ D ስፍሓት መሬት ት.ሜ ዝኾነ፡ ብግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቁ.ምስክር ወረቐት 116039 ብመወከሲ ቁጽሪ 113020 ብስም መዋቲ ነፍ/ሃብተእየሱስ ዑቕባእንድርያስ ጸጋይ ተመዝጊቡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብውርሻ ናብ ስምና ክንመሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ወረስቲ ነፍ/ሃብተእየሱስ ዑቕባእንድርያስ ጸጋይ
ወ/ሮ ሚዛን ግደይ ኮኾብ +6

ብስም ወ/ሮ መዓሾ ዘርእዝጊ ግርማይ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዞባ መስከረም ዞን 7 ብሎክ 53 ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብመወከሲ ቁጽሪ 153958 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07219839/07249213 ክትሕብሩኒ። እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ሊብሬቶ ክሓትት ምዃነይ ይሕብር።

ወረ/ነፍ/ መዓሾ ዘርእዝጊ ግርማይ
ወኪል ለምለም ብርሃነ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ማይ-ተመናይ ጎደና 158-36 (ጎደና 308 ነበር) ቁ.ገዛ 29 ፕሎት 15 ፓርሰል 5 ስፍሓት 150 ት/ሜ ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ተሰሪሑ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣስሊ ጥዑምዝጊ ወልደምሕረት ብውህብቶ ዝሃበትኒ ስለዝኾነት፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም ሰብ እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣኑ ካብ ዝፈቕዶ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ ናብ ክፍሊ ፓብሊክ ኖታሪ፡ ሃገራዊ ካዳስተራል ክቐርብ እሕብር። እዚ ከይኮነ ምስ ዝተርፍ ግን ዋንነት ናይዚ ንብረት ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ማረሊን ፍቓዱ ጸጋይ
ቁ.ተሌ 07128566

ለተዮሴፍ ተስፋማርያም ሰዩም ዝተብሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ-ተመናይ ጎደና ማርሳ ጉልቡብ፡ ቁ/ገዛ 114-116 ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 53884፡ ጠቕላላ ቁጸሪ መዝገብ 89302 ብስም በዓል-ቤተይ ኢዮብ ክፍለማርያም ተስፋዮውሃንስ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ በዓል-ቤተይ ብውህብቶ መልክዕ ንዓይ ንኣመልካቲት ሰለ ዝሃበኒ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ናይ መወዳእታ ውሳነ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሓደ ወርሒ) ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ሒዙ ይቕረብ።

ወኪል ገርግስ ተስፋማርያም ሰዩም

ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ
PAULOS LANGUAGE SCHOOL
to listen, speak, read & write English
ቤት ትምህርቲ ጳውሎስ ክረምታዊ ትምህርቲ ንኹሎም ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን በብደረጅኡ ዝወሃብ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ኣዳልዩልኩም ከም ዘሎ የበስር፡፡
ምዝገባ ጀሚርና ኣሎና፡ ክላስ ዝጅመረሉ ድማ 28/06/2018 እዩ፡፡
ኣድራሻና ከባቢ ማርካቶ(ጎደና ናቕፋ) ፊት ፎቶ ፊሊ፡ ጎኒ ፎቶ ሉቃስ እዩ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌ 112001/ 07137056 ተወከሱ፡፡

## ሓበሬታ ሻሙናይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት

8ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ 2018 “መንእሰይ፡ ጸዓት ዘላቒ ዕብየት” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ንወሳኒ ግደ መንእሰያት ኣብ ኩሉ መዳያት ዕብየት ብዘዘኻኽርን ዘነቓቕሕን ዝተፈላለየ መሰናድኦታት፡ ምስ መመረቕታ መበል 31 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተወሃሂዱ፡ ካብ 13-15 ሓምለ፡ ከም ወትሩ ኣብ'ታ ማእከል ስልጠናታት፡ መተኣኻኸቢት ቅርዓት መንእሰያት ዝኾነት - ሳዋ ክካየድ እዩ።

ኣብ'ቲ ፌስቲቫል፡ ምህዞን ፈጠራውነትን መንእሰያት ዘጉልሕ፡ ሰፊሕ ትምህርታዊ፡ ባህላዊን ጥበባውን መደባት ተሰሪዑ ስለዘሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ትርከቡ መንእሰያት ተሳተፍትን ኣለይትን ዉራይኩም ክትኮኑ ብኽብሪ ትዕደሙ።

ምዝገባ ኣብ ወጻኢ ዘለኹም ኣብ መርበብ ሓበሬታ www. eriyouth.org/ registration ብምእታው ብቐጥታ ክትምዝገቡ ትኽእሉ። ድሮ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ኣቲኹም ዘለኹም ድማ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ እናመጻእኩም ቀጥዒ ምዝገባ ክተማልኡ ከምትኽእሉ ንሕብር።

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ (120488)

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

መሰፍን እምባየ ተፈራ፡ በዓልቲ-ቤተይ ጸሃይነሽ ኣለማዮ ተሰፋይ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልችያ ሃብተጽዮን ሃይለ፡ በዓል-ቤተይ መኮነን ወልደገርግስ ካሕሳይ ስለዝተሰውአ፡ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸጋ ሓይላይ ገብረሂወት፡ ወላድየይ ሓይላይ ገብረሂወት ተኽለ ስለዝሞተ፡ ንኣደና ወ/ሮ ንግስቲ ሓጎስ ናይ መጻምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓረግወይኒ ገብረ ንጉስ፡ በዓል-ቤተይ ኣኽሊሉ ገብርሂወት ስእሉ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰምሃር ሃብተ ምስ ተኸሳሲ ዮሴፍ ገብረእየሱስ ሰለሞን ናይ ሓዳር ክርክር ስለዘለና፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ፡ ን12/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብ ዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ተጋ/ሳሙኤል ሽነ ወ/ማርያም፡ ሓወይ ተጋ/ ኣብርሃም ሽነ ወልደማርያም ስለዝተሰውአ፡ ውላድ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮማ በላይ በየነ፡ በዓል-ቤተይ መም/ ሓድጉ ገብረማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸዓዘጋ

ኣቶ ታደሰ ታሃደሰ ፍስሓጼን፡ በዓልቲ-ቤተይ ሰማይነሽ ገብራይ በየነ ስለዝሞተትት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ መዕለቢ ክግበረሉ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሸማንጉስ ላዕላይ መቐርካ

ወ/ሮ ኣበባ ደበሳይ ነማርያም፡ በዓል-ቤተይ ይግዛው ዓንደማርያም ምስግና ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ኤደን 02

ወ/ሮ ነብያት ኣቢብ ዓይቡ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ዘርኦም ብርሃነ ንጉስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዮርሳሌም ሰዩም ጊለይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሃብታይ ተስፋገርጊስ ዮሴፍ ሕጋዊ በዓል-ቤተይ ኮይኑ፡ 3 ቆልዑ ወሊድና። እንተኾነ ግን ካብ 2014 ዓ/ም ጀሚሩ ካባይን ካብ ደቁን ተሰዊሩ ይነብር ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ፡ ን30/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ትሕቲ ዕድመ ጊደና ዳኒኤል ማህደረ ብሞግዚታ ኣቶ ነጋሽ ገብረስላሴ ኣቢላ፡ ጊደና ዳኒኤል ማህደረ ምባል ተሪፉ፡ ዮስቲና ዳኒኤል ማህደረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/18 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ወልዱ ሃይለ ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ወልዱ ሃይለማርያም ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/18 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ትሕቲ ዕድመ ረሓሰት በሪሁ ብወኪላ ብሪሚዛን ብርሃነ ኣቢላ፡ ሳብሪን በሪሁ ንጉሰ ምባል ተሪፉ፡ ረሓሰት በሪሁ ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሰንዓፈ

ወ/ሮ ለተብርሃን ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ መብራሂት ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኩዶፈላሲ

ወ/ሮ ነብያት ዘውደ ገ/ማርያም ምስ ተጸዋዒ ኣቶ መሓሪ ኣስመሮም ሃብተ ብባህሊ ሃገር ተመርዒና። እንተኾነ ግን ንሕክምና ኢሉ ምስ ከደ ስለዘይተመልሰ፡ 4 ዓመት ደሃዩ ስለዘይብለይ፡ ስለዚ ብፍትሕ ክንፈላለ ስለዝበላ፣ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን21/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብ ዘየለወሉ ጉዳይ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ሰገነይቲ

ኣቶ ሚኪኤል ጸጋይ ሰለሙን፡ ሓወይ ኣባ ተኽለብርሃነ ጸጋይ ሰለሙን ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ፍትዊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሪሕ ብርሃነ ኣብ ቤ/ፍ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን2/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ናብ ሽማግለታት ተመሪሑ ኣድላዪ ዝኾነ ውሳነ ክውሰን ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ፌሽን ተሰፋይ ኪዳነ ምስ ተኸሳሲ ኣቶ ማጆር ከሰተ ዑቕቡ ሕጋውያን ሰብ ቃልኪዳን ኢና፡ 1 ቆልዓ ወሊድና። እንተኾነ 5 ዓመት ኣቢሉ ይገብር ካብዚ ሃገር ስለዝወጸ፡ ንዓይ ይኹን ንውላደይ ደሃይ ገይሩልና ስለዘይፈልጥ፡ ብኸምዚ ክቕጽል ስለዘይክእል፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ይቕረብ። እንተዘይኮይኑ ጉዳየይ ናብ ዘመድ ሽማግለታት ተመሪሑ ይረኣየለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ በሓይላይ

ወ/ሮ ነባይት ርእሶም ኣብራሃለ ምስ በዓል-ቤተይ ኣቶ ርእሶም ኢሳቕ ናይዝጊ ካብ ንምርያ 2 ዓመት ጌርና። እንተኾነ ግን ካብ ንምርያ ድሕሪ 4 ወርሒ ናበይ ከምዝኸደ ደሃዩ ስለዘይብለይ፡ ብኣካሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ቀሪቡ፡ ጉዳይ ሓዳርና ብዘመድ ሽማግለ መዕለቢ ይገበረለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓውሲ ከተማ ጾሮና

ወ/ሮ መድህን ሓድጉ ገብርሄት ምስ ተኸሳሲ ኣቶ ዘነበ ብርሃነ ካሕሳይ ጉዳይ ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኑ፡ ተኸሳሲ ኣስታት 7 ዓመት ይገብር ካባይ ካብዝፍለ፡ ስለዚ ከምዚ ኢለ ክነብር ስለዘይክእል፡ ይጸውዓለይ፡ ጉዳይ ሓዳረይ ናብ 5 ዘመድ ሽማግለ ይመርሓለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቤት ገብርኤል

ወ/ሮ ሮማን ገብረሂወት ነጋሽ ምስ ተጸዋዒ ኣቶ ገብረሚካኤል ተወልደ ወልደገብርኤል ብሃገር ባህልን ልምድን ኣብ 1992 ተመርዒና፡ 1 ቆልዓ ወሊድና። እንተኾነ ግን ተጸዋዒ ንልዕሊ 3 ዓመት ካብዚ ሃገር ወጺኡ ኣበይ ከምዘሎ ክፈልጦ ስለዘይከኣልኩ፡ ስለዚ ተጸዋዪ ናይ ፍትሕ መሰለይ ተሓልዩ፡ ናይ መጻምዲ መሰለይ ውን ክሕለወለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ምስዘይቀርብ ቤ/ፍ ጉዳዩ ኣንቢቡ ውሳነኡ ክሕልፍ እዩ።

## ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጊንዳዕ

ኣምና ሳልሕ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ኣምና ሳልሕ ዓፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ባጽዕ

ኤልሳ ወልደገብርኤል ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ኤልሳ ወልደሚካኤል ገብረሂወት ከምኡ'ውን ስም ኣደይ ሓጎሳ መዓሾ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ሓጎሳ መዓሾ ደሱ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሸሪዓ ዓሰብ

ኣቶ ዓዋድ ዓሊ ራሺድ፡ ኣቦና ዓሊ ራሺድ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መንሱራ

ወ/ሮ ኣርሂት ከራር ስዒድ፡ በዓል-ቤተይ ኣድም ዓብደላ ዓሊ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተሰነይ ዞባ ሰውራ

ወ/ሮ ተኽኣ ተኽላይ እምባየ፡ ወለድና ተኽላይ እምባየ ኣስፍሃን ለተንኪኤል ወልዳይ ተስፋትን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


Alliance Française d'Asmara

ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ
ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣልያንስ ፍራንሰዝ

- ኣብ ዓለም ኣስታት 800 ቤት ትምህርቲ ኣልያንስ ፍራንሰዝ ኣለዋ። ካብዚኣን ሓንቲ ማእከል ኣብያተ ቋንቋ ፈረንሳ ኣብ ኣስመራ ትርከብ።

- ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ዘማልእ ኮይኑ፡ ዓለምለኻዊ ዲፕሎማ ዘውሕስ ምዃኑ ከነበስር ንፈቱ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605/115270

ኣድራሻና፦ ጎድኒ ቤት ትምህርቲ ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።



ቀንዴል

1. ትምህርቲ መካኒክ

ብክልሰ ሓሳባት ብሙኩራት መምሃራን ብኢንጅነራን ዝተመረቁ ከምኡ ከኣ ኣብ ዓቢ ጋራጅ ናኣሽቱን ዓበይትን መካይን ብግብሪ ምርኣይ ዘልዎ ፣

ኣብ ጋራጅ ብግብሪ ምርኣይ ዘልዎ

2. ኮምፒተር
3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ
4. ግራፊክስ

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር፡

ኣድራሻና፦ ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ. 121571 / 07172309/07325197



ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሓ.ዝ.ብ.ት

ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ብምኽንያት በዓል ዒድ ኣልፈጥር፡ ካብ ዕለት 08/06/2018 ክሳብ 30/06/2018 ዝጸንሕ፡ ኣብ ፍርያትና ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበርና ነበስር!!

ፍርያትና እንሸጠሉ ቦታ፡

ኣብ ኣስመራ፥

1. ኣብ ድኳን ትካልና ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ
2. ኣብ ቀጽሪ ትካልና ጎደና ባዳ 746 ቁጽሪ 7/9 ፊት ኤክስፖ ሆቴል

ኣብ መንደፈራ፥ ሩት ቡቲክ ጥቓ ጁራ ፍዮሪ
ኣብ ደቀምሓረ፥ ፎዚያ ቡቲክ ጥቓ ዕዳጋ
ሃየ ዝዕድል ተጠቐምሉ! ብዓይነት ፍርያትና፤ ምቹሉል ኣገልግሎትናን ርትዓዊ ዋጋን ክትዓግቡ ኢኹም!

ርሑስ በዓል ዒድ ኣልፈጥር!!

ቁ.ተሌፎን- 182967/186405 ኣስመራ

ታደሰ ተኽለ

# ባይቶ ካናዳ ንዘለፋ መራሕቲ ኣመሪካ ይኹንን

ባይቶ ካናዳ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካን ካልኦት ሰበ-ስልጣንን ኣብ ልዕሊ ቀዳማይ ሚኒስተር እታ ሃገር ጃስቲን ትሩዶ ዝሰምዑዎ ውልቃዊ ዘለፋታት ብምሉእ ድምጺ ከም ዝኾነኖ ተሓቢሩ።

እቲ ባይቶ፡ ሰብ ስልጣን ኣመሪካ ዘሰምዕዎ ዘለፋታት ኑቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ዝምድና ብኣሉታ ዝጸሉ ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ ብወሰኽ ቀረጽ ኣብ ልዕሊ ሃገርም ንዝዋገር ዘሎ ጸቕጥታት ንጉዲ'ውን ከም ዝቃወሙዎ ኣፍሊጦም።

ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ንግዳዊ ፍሕፍሕ እናገደደ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኣመሪካ ኣማኻሪ ንግዲ ፒተር ናቫሮ፡ "ኣብ ገሃነም ፍልይቲ ክፍሊ ተዳልያትሉ ኣላ" ክብል ንቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ጃስቲን ትሩዶ ከም ዝዘለፎ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ካናዳ ከተኣንግዶ ዝቐጸት ዋዕላ ጂ-7 ዘውጸኦ መግለጺታት፡ ኣመሪካ ደገፉ ምሉእ ከም ዝኣለየትን፡ ዶናልድ ትራምፕ ኑቲ ካናዳዊ ቀዳማይ ሚኒስተር "ኣዝዩ ጠላምን ድኹምን'ዩ" ኢሉ ከም ዝገለጾን ጸብጻብ ሮይተርስ ይሕብር።

ጃስቲን ትሩዶ፡ ኑቲ ኣመሪካ ኣብ ሰደድ ክትዝብሮ እትደሊ ወሰኽ ታሪፍ ክጸረሮ ከም ዝጸንሐ፡ ካብ ዝኾነ ወገን ንዝመጽእ ንግዳዊ ጸቕጢ ከማይድሕሞን ክገልጽ ጸኒሑ እዩ። ትሩዶ፡ ኑቲ ካብ ትራምፕ ዝተፈነወሉ ዘለፋ መልሲ ኣይሃበሉን ዘሎ።

ካናዳ ን39 ሚልዮን ኣመሪካውያን ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥር ዝተፈላለየ ጥረ ነገራት ናብ 35 ክፍለ ሃገራት ኣመሪካ ብሰደድ ከም እትልእኽ ይፍለጥ። ኣመሪካ ካብ ካናዳ ብ10 ዕጽፊ ዝዓበ ሓይሊ ቁጠባ ከም ዘለዋ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ካናዳ ምስ ኣመሪካ ኣብ ንግዳዊ ምትህልላኽ (ኲናት ንግዲ) ቅድሚ ምእታዋ ጥንቃቐታት ክትገብር ከምዘለዋ ብዙሓት ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ የተሓሳስቡ።

# ፓራጓይ ካብ ሕማም 'ዓሶ' ናጻ ኰይና

ፓራጓይ፡ ካብ ሃገራት ኣመሪካ ድሕሪ 45 ዓመታት ንመጀመርታ ግዜ ካብ ሕማም ዓሶ ናጻ ዝወጸት ቀዳመይቲ ሃገር ምዃና፡ ንውድብ ዓለማዊ ጥዕና ዝተወከሱ ጸብጻባት ሓቢሮም። ኣብታ ሃገር፡ ንተኸታታሊ ሓሙሽተ ዓመታት ዝኣክል ሕማም ዓሶ ከም ዘይተራእየ'ዩ ክረጋገጽ ተኻኢሉ ዘሎ።

ኣብ 1973 ኲባ ካብ ሕማም ዓሶ ናጻ ምዃና ካብ ዝረጋገጽ ንደሓር፡ ኣብቲ ኣህጉር ክሳብ ፓራጓይ ናጻ ምዃና እትእውጅ ካብ ዓሶ ናጻ ዝወጸ ሃገራት ከም ዘይነበራ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣልጀርያ ካብ ኣፍሪቃ፡ ኡዝበኪስታን ካብ ማእከላይ ኤስያ፡ ኣርጀንቲና ከኣ ካብ ላቲን ኣመሪካ ኣብዚ ዓመት'ዚ ወይ ኣብ ቀረባ መጻኢ ካብቲ ሕማም ናጻ ክኾና ከም ዝኽእላ ይግመት።

ኣብ 2016፡ ሕማም ዓሶ 216 ሚልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም ለኺፉ ምንባሩ ዝሕብሩ ምንጭታት፡ ንኣስታት ርብዒ ሚልዮን ካብኣቶም ከም ዝቐተሎም የረድኡ። ሙብዛሕትኦም ካብቶም ግዳያት ትሕቲ ዕድመ ህጻናትን ኣፍሪቃውያንን ከም ዝኾኑ ድማ ወሲኾም የመልክቱ።

# ኣብ ካሜሩን ሓድሕዳዊ ግጭት ኣስጊኡ

ኣብ መንጎ ወተሃደራት ካሜሩንን ካብታ ሃገር ክፍንጨሉ ዝደልዩ ዕጡቓትን ብዝካየድ ዘሎ ዕጥቃዊ ግጭት ዝተቐርቀረ ሰላማዊ ህዝቢ ኣብ ከቢድ ጸገም ወዲቑ ከምዘሎ፡ ትማሊ ዝተፈነወ ጸብጻባት ዜና ምዕራብ ኣፍሪቃ ሓቢሮም።

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ካሜሩን ዝርከቡ ቋንቋ እንግሊዝ ዝጥቀሙ መማሃራን ኣድልዎ ይግበረሎም ከምዘሎ ብምሕባር፡ ንለውጢ ዝጠለበ ሰላማዊ ተቓውሞ ኣብ 2016 ድሕሪ ምብጋሶም፡ ኣብቲ ከባቢ ሕንፍሽፍሽን ወተሃደራዊ ወጥሪን ክረኣ ከም ዝጀመረ'ዩ እቲ ጸብጻብ ዘመልክት።

ንቋንቋ ፈረንሳ ከም ናይ ሓባር ቋንቋኣ እትጥቀም ካሜሩን፡ ካብቲ 25 ሚልዮን ዝግመት ህዝባ እቲ ሓምሻይ ኢድ ማለት፡ እቲ ብሸነኽ ምዕራብ ዝነብር ኣስታት ሓሙሽተ ሚልዮን ህዝቢ ቋንቋ እንግሊዝ ከምዝጥቀም ይፍለጥ። እቲ ቋንቋ እንግሊዝ ዝጥቀም ህዝቢ ኣብ መንግስታዊ ስራሕ ይገሰን ካልእ ኣድልዎ ይግበረሉን ከም ዘሎ ዝገልጹ ተቓወምቲ፡ በዚ ምኽንያት

ቃልሶም ካብ ፖለቲካዊ ናብ ዕጥቃዊ የሰጋግሩዎ ከምዘለዉ ይገልጹ።

ኣዩኒ ታባ ዝተባህለ መራሒ ናይቲ ተቓውሞ ዝነበረ ሰብ፡ ምስ ካልኦት 48 ብጾቱ ካብቲ ሃዲሙ ተዓቝቡሉ ዝነበረ ናይጀርያ ተጠሪዙ ናብ ካሜሩን ምስ ተመልሰ፡ ተታሒዙ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከምዘሎ ምንጭታት ይሕብሩ።

ዝሓለፈ ዓመት ዕጡቓት ናይቲ ዞባ 44 ወተሃደራት መንግስቲ ካብ ዝቐተሉ ንደሓር፡ ብዙሕ ህዝቢ ይማዘበል ከምዘሎ ጸብጻባት የረድኡ። ሰራዊት መንግስቲ ካሜሩን ኣብ ልዕሊኦም ብዘወሰዶ ዘሎ ተሪር ስጉምታት፡ እቶም ተቓወምቲ ድንጋጸን ደገፍን ናይ ህዝቢ ይረኽቡ ምህላዎም ተፈሊጡ ኣሎ። ንሳቶም፡ 'ኣምባዞንያ' ዝተባህለት ሃገር ካብ ካሜሩን ፈንጪሎም ክምስርቱ ይደልዩ ከምዘለዉ ጸብጻባት እቲ ከባቢ የረድኡ።

# መቄዶንያን ግሪኽን ኣብ ስምምዕ በጺሐን

ግሪኽን መቄዶንያን፡ ንኣስታት ርብዒ ዘመን ከትዕጎን ዝጸንሐ 'መቄዶንያ' ዝብል ስም፡ ብስምምዕ ከም ዝፈትሓኦ ካብ ክልቲኣን ሃገራት ትማሊ ዝተዘርግሑ ጸብጻባት ሓቢሮም። እተን ሃገራት ትማሊ ኣብ ዝወጽኣኦ መግለጺ፡ እታ ጎረቤት ግሪኽ ዝኾነትን 'ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ ረፓብሊክ መቄዶንያ' እናተባህለት ክትጽዋዕ ዝጸንሐትን ሃገር፡ "ረፓብሊክ ሰሜን መቄዶኒያ" ተባሂላ ክትጽዋዕ መራሕቲ ክልቲኣን ሃገራት ከም እተሰማምዓ ምንጭታት ሓቢሮም።

ዩጎዝላቭያ ኣብ ምእታው ቴስዓታት ኣብ ሽዱሽተ ሃገራት ክትብታተን እንከላ፡ መቄዶኒያ ትብሃል ዝነበረት ዞባ ድማ፡ በቲ ሒዛቶ ዝጸንሐት ስም ናጽነት ኣዊጃ። እንተኾነ፡ 'መቄዶኒያ' ዝብሃል ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ግሪኽ ዝርከብ ሰፊሕን ጥንታውን ዞባ ስለ ዘሎ፡ ግሪኽ ኑታ ናጻ ዝወጸት ሓዳስ ሃገር ብምቅዋም ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኔቶን ከይትኸውን ዓጊታታ ምጽንሓ ይፍለጥ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ ረፓብሊክ መቄዶኒያ ብዝብል ስም ጥራይ ኣፍልጦ ክህባ ጸኒሑ።

መቄዶንያ በዚ ጉዳይ ንሓያሎ ዓመታት ምስ ግሪኽ ክትፋሓፋሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብዚ ቀንያት'ዚ ግሪኽ ዝተሰማምዓትሉ 'ረፓብሊክ ሰሜን መቄዶንያ' ዝብል ወግዓዊ ስም ክትሕዝ እያ። ግሪኽ እውን ብወገና፡ እታ ሃገር ኣባል ኔቶን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ንኽትኸውን ብዘለዋ ናይ ቀውፊ ስልጣን ተጠቒማ ምዕጋት ክትገድፍ ምዃና ኣፍሊጣ ኣላ።

ቀዳማይ ሚኒስተር መቄዶኒያ፡ እቲ ስም ሕጂ'ውን ኣካል መጸውዒ ሃገሩ ብምዃኑ ሓበን ከም ዝሰምዖ ክገልጽ እንከሎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ግሪኽ ድማ፡ እቲ ሓድሽ ስም - 'ሰሜን መቄዶኒያ' ኣብ ናይ ግሪኽ ዞባ መቄዶኒያ ዝብጽሓ ቦታ ከምዘይብሉ ዘጸሮር ወይ ዘረጋግጽ መጸውዒ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ሰሜን መቄዶኒያ ኣብ ሕገ-መንግስታ ኣሰፊራቶ ዘላ - ኣብ ግሪኽ ንዘሎ ግዝኣታት ዝጥምት ናይ ምስፍሕፋሕ ሓሳብ ዘለዎ ቃላት ክትቅይሮ፡ ካብ ወገን ግሪኽ ትጽቢት ይግበረላ ከምዘሎ ምንጭታት የመልክቱ።

# ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣብ ስግኣት ዓጸቦ. . .

ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣስታት 6 ሚልዮን ህዝቢ ብዋሕዲ መግቢ ይሳቐ ከም ዘሎ ዝሕብር ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብኣቶም 1.6 ሚልዮን ዝኣኽሉ ህጻናት ብዓጸቦ ተጠቒዖም ምህላዎም ሓቢሩ። እዚ ተርእዮ ባህርያዊ ሓደጋ ካብ 2012 ንደሓር ዝኸፍአ ምዃኑ፡ ኹነ እናገደደ ክኸይድ ተኽእሎ ከም ዘሎን እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ኣብ ቡርኪና ፋሶ፡ ጫድ፡ ማሊ፡ ማውሪታንያ፡ ኒጀርን ሴኔጋልን ዘሎ መጠን ውሕስነት መግቢ እናኣንቈልቈለ ይኸይድ ከምዘሎ ዝፍለጥ'ኳ እንተኾነ፡ ህጹጽ ረዲኤት ክለኣኽ ዝተጉበረ ጻውዒት ካብ ትጽቢት ንታሕቲ ወጺኡ ከም ዝተረኽቦ ይገልጽ።

ዝሓለፈ ዓመት ዝነበረ ዘይምዕሩይ ዝናብ ዘሰዓቦ ዋሕዲ ምህርቲ፡ ስእነት መግቢ እንስሳን ምንጻፍ ምንጪ ማያትን ኣብዚ ሕጂ ዝረአ ዘሎ ስግኣት ዓጸቦ መጠኑ ከም ዘኸፍኦ ክኢላታት ኣከባቢ የረድኡ።

ዝሓለፈ ሓጋይ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝተራእየ ክቡሪ ዋጋ እኽሊ፡ ቅድሚ ዓበይቲ ምምዛድ ዝረአ ምልክታት ከምዝኾነ ዝሓብሩ ክኢላታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ውድብ ቅልጡፍ ናይ እኽሊ ረዲኤት ክቐርብ ይሓቱ ምንባሮም ኣረዲኦም።

ምስ ዳዕሽን ኣልቃዒዳን ዝተኣሳሰሩ ሃይማኖታውያን ዕጡቓት ኣብቲ ከባቢ ብዝካይድዎ መጥቃዕቲታት፡ ብኣሽሓት ዝቖጸር ህዝቢ ካብ ዓዱ እናተሰደደ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ኣብ ዝርከብ መዓስከራት ተዓቚቡ ከም ዘሎ'ውን ቀጻሊ ቀሉብ ከም ዘድልዮን ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይጠቅስ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣሸፋእ | 14/6/2018 | ጎደና ኪልዓው ቁ.57 ኣኽርያ ከባቢ እንዳ ዓሊበኺት | 07157709 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 |